ኢንድ ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 22 3 ሚያዝያ 2016 ዓ.ም **ሓሙስ** ብር 10.00



# ዘለዎ ንዘይብሉ ምሕጋዝ፣ ምድግጋፍን ምትሕብባርን ካብ ፆመ ረመዳን ወፃኢ 'ውን ባህሊ ክኸውን ይግባእ

- መበል 1445 ዒድ ኣል-ፈጥር ብድምቐት ተኸቢሩ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ፆም ረመዳን ዝተረኣየ ሕድሕዳዊ ምድግጋፍ፣ ምትሕብባርን ንድኻታት ምሕጋዝን ካብ ፆመ ረመዳን ወፃኢ 'ውን ባህሊ ክኸውን ይግባእ ክብሉ ኣቦታት መራሕቲ ሃይማኖት እስልምና ገሊፆም፡፡

ትማሊ ኣብ መላእ ሃገር መበል 1445 ዒድ ኣል-ፈጥር ብድምቐት ተኸቢሩ።

ኣብ ስነ-ስርዓት ፀሎት ዒድ፣ ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያ ሸኽ ሓጂ

ዘለዎ ንዘይብሉ...6



## ‹‹ወርሒ መጋቢት ከም ረመዳን 'ያ››

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር)

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ወርሒ መጋቢት ከም ረመዳን 'ያ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) መበል 1445 ብዓል ዒድ ኣልፈጥር ምኽኒያት ብምግባር ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ እንተሕልፉ ከምዝገለፅዎ፣ናይ መጋቢት ለውጢ ክሳብ ዝወለዶ ሓዱሽ ናይ ተስፉ ብርሃን ክሳብ ዝመፅእ ብዙሕ ፈተና፣ ውፃእ ውረድ፣ ትዕግስቲ ሓቲቱ ነይሩ።

ድሕሪ 11 ኣዋርሕ ናይ ረመዳን ምምፃእ ዘይተርፍ

"ወርሒ መጋቢት ... ገፅ 6

## ውዙፍ ኣበል ጡረታ ንዝምልከቶም ጡረተኛታት ክልል ትግራይ ምኽፋል ተጀሚሩ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ምምሕዳር ማሕበራዊ ድሕንነት ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ክልል ትግራይ ናይ 17 ኣዋርሕ ጡረታ ኣበል ንዘይተኸፈሎም ጡረተኛታት ካብ 26መጋቢት 2016 ዓ.ም ጀሚሩ ውዙፍ ኣበል ጡረታ ክኸፍል ጀሚሩ።

ዋና ፈፃሚ ስራሕ እቲ ምምሕዳር ኣይተ ዳባ ኦርያ ከምዝበልዎ፤ ኣብ ሃገርና ብመሰረት ሕቜድ ድሕንነት ሃገርና ኣበል ጡረታ ዝኸፈል ኣብ ስራሕ ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ብዝተኣከበ ናይ ጡረታ ገንዘብ ኮይኑ ኣብቲ ክልል ብዘጋጠመ ፀገም ድሕንነት፣ እቲ ዝድለ ዝዋፃእ ተኣኪቡ ኣብ ግዚኡ ነቲ ምምሕዳር ኣታዊ ብዘይምኳኑ ካብ ሓምለ 2013 ክሳብ ሕዳር 2015 ን17 ኣዋርሕ ኣበል ጡረታ ተቛሪፁ ፀኒሑ 'ዩ።

እዚ ኣብቲ ክልል ኣብ ዝርከቡ ጡረተኛታት ቅሬታ ዝፈጠረ ብምኳኑ መንግስቲ ኣብ ቀረባ እዋን ንጡረተኛታት ንምኽፋል ብዘመሓላለፎ ውሳነ መሰረት እቲ ምምሕዳር ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ብቕልጡፍ ብምፍፃም ውዝፍ

ውዙፍ ኣበል ... ገፅ 6



ኣይተ ዳባ ኦርያ

## ስራሕ ዘይጀመራ ኢንዱስትሪታት ትግራይ ናብ ስራሕ ክኣትዋ ሓገዝ መንግስቲ የድሊ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- በቲ ዝነበረ ኩናት ስዒቡ ዕንወት ዝበፅሐን ኢንዱስትሪታት ትግራይ መሊኣን ናብ ስራሕ ክኣትዋ መንግስቲ ፌዴራል ሓገዝ ክገብር ይግባእ ክብሉ ምክትል ሓላፊ ንግድን ኢንዱስትርን ክልል ትግራይ ኣይተ ኣታኽልቲ ስዩም ገሊፆም፡፡

ኣይተ ኣታኽልቲ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብዝነበሮም

ስራሕ ዘይጀመራ ... ገፅ 6



ሰልፊ ድጋፍ ኣብ መበል 6ይ ዓመት ለውጢ

ገፅ 4

‹‹ኣብ መቐለ ዝርከባ ዝተወሰና ኢንዱስትሪታት ናብ ስራሕ ኣትየን 'የን ››

- ኣይተ ኣታኽልቲ ስዩም

ገፅ 5



# “ከም መንግስቲ ን‘ስታርትኣፕ’ ምድጋፍ ኢንቨስትመንት ‘ምበር ረድኤት ኣይኮነን”

**- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)**

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ:- ከም መንግስቲ ኣብ ፈጠራ ዝተመስረቱን መፍትሒ ሓሳብ ንዘለዎምን ‘ስታርትኣፕ’ ምድጋፍ ኢንቨስትመንት ‘ምበር ረድኤት ኣይኮነን ዝብል ኣተሓሳስባ ኣለና ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ተዛሪቦም።

“ብሄራዊ ፍፃመ ስታርትኣፕ ኢትዮጵያ” ትማሊ ኣብ መዘከርታ ዓወት ዓድዋ እንትካየድ ኣብቲ መርሃ ግብሪ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)፤ “ስታርትኣፕ” ማለት ዝኾነ ስራሕ ዘይኮነስ ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመስረተ፣ ኣታዊ ዘፈልፍል ከምኡ ‘ውን ንሓደ ጉዳይ ፍታሕ ዘለዎ ሓዱሽ ፈጠራ ስራሕ ‘ዩ ክብሉ ኣረዲኦም።

ምድጋፍ እንተኽኢልና ዕድል ስራሕ ይፈጥሩ ‘ዮም።ኣታዊ ግብሪ ‘ውን ምዕባይ ይከኣል’ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ከም መንግስቲ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ ብምምስራት ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመስረቱ ሓሳባት ናብ ተግባር ንኽወርዱ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ሰሪሕና ኢን፤ ኣብ ቐፃሊ ‘ውን ክንሰርሕ ኢና ኢሎም።

ኣብ ዓለም ልዕሊ ሓደ ቢሊዮን ዶላር ሃፍቲ ዘለዎም ሓደ ሽሕን 200 ስታርትኣፕ ምህላዎም ሓቢሮም፤ ብሓፈሻ ሃፍቶም ኣርባዕተ ነጥቢ ሰለስተ ትሪሊዮን ከምዝበፅሐ ገሊፆም። ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ዛጊድ ሓደ ቢሊዮን ዶላር ሃፍቲ ዘለዎ ስታርትኣፕ ከምዘይተፈጠረን እቲ ጉዳይ ኣብ ጅማሮ ምኧኑ ኣልዒሎም።



ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመስረቱ 50 ስታርትኣፕ ከምዝነበሩ ገሊፆም፤ ኣብዚ ሕዚ ግና 900 ከምዝበፅሑን ካብ ዕብየት እቲ ቁፅሪ ብዝዘለለ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ዝተዋፈሩ ምኧኖም ከም ሃገር ተስፋ ዝህብ ምኧኑ ተዛሪቦም።

መንግስቲ ኣብ ፖሊሲ፣ ኣብ ምስፍሕፋሕ ማእኸላት ቴክኖሎጂ ከምኡ ‘ውን ምቹው ኣሰራርሓ ብምፍላጥ ንስታርትኣፕ ንምብርትታዕ ሰፊሕ ስራሕ እናሰርሐ ምኧኑ ሓቢሮም፤ እቶም ስራሕቲ ፈጠራ ግና ብዋናነት ብውልቃዊ ዘፈር ‘ምበር ብመንግስቲ ዝሰርሑ ብዘይምኧኖም ኹሉ ብፅሒቱ ክዋፃእ ከምዝግባእ መልእኽቲ ኣሕሊፎም።

መናእሰይ ሓዱሽ ፈጠራ እንትጅምሩ ብቐዳምነት ነቲ ስራሕ ክፈትዉዎ፣ቀፂሉ ድማ ነቲ ስራሕ ከምዝኽኣልዎ ምርግጋፅ ከምኡ ‘ውን እቲ ፈጠራ ተደላዩን ኣብ ዕዳጋ ክሸየጥ። ዝኽእል ምኧኑን ክፈልጡ ኣለዎም ክብሉ ኣረዲኦም።

መናእሰይ ዓብዩ ሓሲቦም ካብ ንእሽተይ ብምልዓል ንሃገር ዝተርፍ ናይ ፈጠራ ስራሕ ክሰርሑ ከምዘለዎም ከምኡ ‘ውን ኣብ ውሽጦም ዘሎ ፀገም ፈታሒ ሓሳብ ፈጠራ ናብ ተግባር ብምውዓል ኣታዊ ክፈጥሩ ከምዘለዎም ኣመላኺቶም።

ዓውዲ ስታርትኣፕ ኣብ ጅማሮ እንተኾነ ‘ውን ፀገማት የብሉን ማለት ግና ኣይኮነን ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ዋጋ ኢንተር፣ ክራይ ቢሮ፣ ዋጋ ኤሌክትሪክ እንትረኣይ ምስ ካልኦት ሃገራት እንትነፃፀር ንስታርትኣፕ ኽባር እንተኾነ ‘ውን ብሓባር ብምድግጋፍ ውፅኢታዊ ምኧን ይግባእ ክብሉ ተዛሪቦም።

ቅድሚ ለውጢ ብቴክኖሎጂ ዝተደገፈ ግልጋሎት ፋይናንስ (ፊንቴክ) ዝሰርሕ እንተሃልዩ ብሕጊ ደረጃ ገበነኛ ኾይኑ ተሓታታይ ይኸውን ነይሩ፤ ሕዚ ግና ብርክት ዝበሉ ትካላት ኣብቲ ዘፈር ተዋፊሮም ገንዘብ እናንቀሳቐሱ ይርከቡ ኢሎም። መንግስቲ ንስታርትኣፕ ምድጋፍ ዘለዎ ረብሓ ብምግንዛቡ ዝተፈላለዩ መበረታትዕታት እናገበረ ምኧኑ ‘ውን ኣፍሊጦም።

ኣብቲ መድረኽ ምኽትል ቀዳማይ ሚኒስትር ኣይተ ተመስገን ጥሩነህ፣ ኣፈ-ጉባኤታት ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብን ፌዴሬሽንን፣ ርእሳነ ምምሕዳራት ክልል፣ ከንቲባታት ምምሕዳር ከተማታት፣ ሚኒስትራት፣ ፈጠርቲ ስራሕን ፃውዒት ዝተገበረሎም ኣጋይሽን ተረኺቦም

# ዓብዪ ግድብ ህዳሰ ተዛዚሙ ናብ ረብሓ እንትውዕል ንኹሉ ተረባሓይ ዝገብር ‘ዩ

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- ዓብዩ ግድብ ህዳሰ ተዛዚሙ ናብ ረብሓ እንትውዕል ንኹሉ ተረባሓይ ዝገብር ‘ዩ ክብሉ ሞዴል ዓዳጊ ቦንድ ህዳሰ ግድብ ኣይተ ኪሮስ ኣስፋው ተዛሪቦም፡፡

ኣይተ ኪሮስ ኣስፋው ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤ዓብዩ ግድብ ህዳሰ ኣብ ኣጋ መፈፀምትኡ ምርኣየይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘዋፅኦ ገንዘብ ኣብ ተግባር ውዒሉ ‘ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ፡፡ ምኽንያቱ 95 ሚኢታዊ ተዛዚሙ ስራሕቱ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ከም ዝርከብ ብዓይነይ ሪአ ‘የ፡፡

ኣይተ ኪሮስ፤ ኣፍቲ ግድብ ተረኺቦም ኽልተ ተርባይናት ስርሐን ምጅማረን ከም ዝርኣዩ ብምግላፅ፤እተን ኻልኦት ተርባይናት ድማ ኣብ ቐረባ እዋን ስራሕ ከም ዝጅምራ ብመሰረት ኣፍቲ ዑደት ዝረኸብዎ መረዳእታ ይሕብሩ፡፡

እቲ ዝስራሕ ዘሎ ስራሕትን ለውጥታትን ኣዝዩ ዘሐጉስ ከም ዝኾነን ህዝቢ ዘዋፅኦ ገንዘብ ኣብ ከምዚ ዝበለ ምዕባለ ምውዓሉ ግቡእ ‘ዩ ኢሎም፡፡

ብምኽኑ ድማ በቲ መጀመሪያ ዝነበረ ናይ ህዝቢ ድሌትን ምንቕቓሕን ኹሉ ሰብ ቦንድ ክዕድግ ኸኢሉ ‘ዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ እኹል መነባብሮ ዘይብሉ ማሕበረሰብ ማይ ሸይጡ ይኹን ፅሬት ሰሪሑ ብድሌቱ ቦንድ ይዕድግ ከም ዝነበረ ብምዝኽኻር፤ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ ኢሎም፡፡

ህዳሰ ግድብ ናይ ውሱናት ክልላት ዘይኮነስ ናይ ኹሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ‘ዩ ምስበሉ፤ ስለዝኾነ ድማ ከምቲ ናይ



መጀመርታ ብንቕሓት ክንዛዝሞ ይግበአና ኢሎም፡፡

ኣይተ ኪሮስ ከም ዝበልዎ፤ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ሓደ ዓብዪ ቃል ኣሎ ‹‹ኣባይ ከምቲ ዝጀመርናዮ ክንፍፅሞ ኢና›› ዝብል ቃል ሐዚ ‘ውን ኣብ ተግባር እናውዓለ ‘ዩ፤ እቲ ዝተረፈ ሓሙሽተ ፐርሰንት ኹሉ ተሓባቢሩ ክውድኦ ይግባእ፡፡

ግድብ ኣባይ እንትጅመር ህዝቢ ገና ምስ ሰምዐ ብዘይ ማንም ደፋፋኢ ብናይ ዓርሱ ተበግሶ ቦንድ እናዓደገ ተሳቲፉኡ ገሊፁ ‘ዩ፤ ኣብዚ ሐዚ እዋን ግና ህዝቢ ናብ ልምዓትን ሰናይ ሓሳብን ትኹረቱ ንኽገብር ብዝተፈላለዩ ሚዲያታት ምብርባር ከም ዘድልይ ሓቢሮም፡፡

ግድብ ህዳሰ ኣብዚ ሐዚ እዋን 95 ሚኢታዊ ምብፅሑ ኣዝዩ ዘሐጉስ ምኧኑ ምስ ገለፁ፤እቲ ዝተረፈ ሓሙሽተ ፐርሰንት ድማ ንኽፍፀም ልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ ዘይክወስድ ይኽእል ኾይኑ ግና እቲ ዝዓበየ ኽፍሊት ገንዘብን ፍልጠትን ከም ዘድልይ ካፍቲ ዝረኸብዎ መረዳእታ ገሊፆም፡፡

ዓሰርተ ሰለስተ ተርባይን ተሰሪሑ እንትውዳእ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ንኻልኦት ሃገራት ብምጥቃም እቶት እነደንፈዐሉ መገዲ ዘመዓራርይ ብምኧኑ፤ ኹሉ ዜጋ ካብዚ ተረባሒ ከም ዝኾነ ብምርዳእ ጠንኪሩ ክሳተፍ ይግባእ ኢሎም፡፡

# ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ሩዋንዳ ዝገበሩዎ ፃንሒት ዝምድና ኽልቲኦን ሃገራት ብዝበለፀ ዘጠናኽር 'ዩ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ:- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ሩዋንዳ ኪጋሊ ዝገበሩዎ ዕላዊ ፃንሒት ዝምድና ኽልቲኦን ሃገራት ብዝበለፀ ዘጠናኽር ምኧኑ ሓላፊት ፕሬስ ሴክሪታሪያት ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስትር ቢልለኔ ስዩም ገሊፀን።

እተን ሓላፊት ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ሩዋንዳ ኪጋሊ ንዝገበሩዎ ዕላዊ ዑደት ብዝምልከት ኣብ ዝሃብኦ መብርሂ ከምዝበልኦ፤ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ምስ ጉጅለ ልኡኻኖም ዝገበሩዎ ፃንሒት ዝምድና ኽልቲኦን ሃገራት ብዝበለፀ ዘጠናኽሩ ፍፃመታት ዝተኻየዱሉ 'ዩ።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ሩዋንዳ ኪጋሊ ዝገበሩዎ ዕላዊ ዑደት ክልተ ዕላማታት ነይሮሞ 'ዮም፤ እቲ ፈላማይ ዕላማ ምስ ፕሬዝዳንት ሩዋንዳ ፖል ካጋሜ ውፅኢታዊ ኽልቲኣዊ ዘተ ዝተሳለጠሉ 'ዩ። እቲ ኻልኣይ ዕላማ ድማ ኣብ መበል 30 ዓመት መዘከርታ ኪዊቡካ ብምርካብ ኢትዮጵያ ምስ ሩዋንዳ ሓቢራ ደው ምባላ ዘርእየትሉ ከምዝኾነ ኣመላኺተን።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ዕላዊ ዑደቶም ዝጀመሩሉ ኢንስቲትዩት ሓለዋ ሕርሻ ሩዋንዳ ፅቡቕ ተሞኩሮ ዝተወሰደሉ ምኧኑ ብምጥቃስ፤ እቲ ኢንስቲትዩት ምስ ኢትዮጵያ ተቐራረብቲ ዝኾኑ ምርባሕ እንስሳትን ፕሮጀክትታት ሕርሻን ዝካየዱሉ 'ዩ። እቲ ኻልእ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣብ ብሄራዊ ቤተ-መንግስቲ ሩዋንዳ ምስ ፕሬዝዳንት ፖል ካጋሜ ፍረ ዘለዎ ኽልቲኣዊ ዘተ ከምዘሳለጡ ገሊፀን።

ኣብ ዘተኦም 'ውን ኢትዮጵያን ሩዋንዳን ኣብ ዘፈር ግብርና ዘመዝገብኦ ዕዉት ተሞኩሮ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካን ብብርኪ ኣህጉርን ንምክፋል ወሲነን ኢለን።

ልኡኻን እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር 'ውን ምስ

ቀዳማይ ሚኒስትር ... ገፅ 6

# ካብ ስዑዲ ዓረብ 70 ሽሕ ዜጋታት ንምምላስ ምድላው እናተገበረ 'ዩ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ:- ኣብ ስዑዲ ዓረብ ብዘይፍቓድ መንበሪ ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ውሽጢ ንዝርከቡ 70 ሽሕ ዜጋታት ብመልክዕ ጎስጓስ ንምምላስ ብሄራዊ ኮሚቴ ተጣይሹ ምድላው እናተገበረ ምኧኑ ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ኣፍሊጡ።

ዜጋ ተኮር ዲፕሎማሲ ብዝምልከት ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ንጋዜጠኞታት መራኸብቲ ሓፋሽ ውሽጢ ሃገርን ወፃእን ወሃቢ ቓል ሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ኣይተ ነብዩ ተድላ ኣብ ዝሃብዎ ጋዜጣዊ መግለፂ ከምዝበልዎ፤ ብዜጋ ተኮር ዲፕሎማሲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ውሽጢ ዝርከቡ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ናይ ምምላስ ስራሕ እናተሰርሐ 'ዩ።

ሳልሳይ ምዕራፍ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ናይ ምምላስ ስራሕ ኣብ ቀረባ ክጅምር 'ዩ ዝበሉ እቶም ወሃቢ ቓል፤ 12 መጋቢት ብሚኒስትር ዴኤታ ጉዳይ ወፃኢ ኣምባሳደር ብርቱኳን ኣያኖ ዝምራሕ 16 ትካላት ፌደራል ዝሓዘ ብሄራዊ ኮሚቴ ተጣይሹ ኣሎ። እቲ ብሄራዊ ኮሚቴ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ብዘይፍቓድ መንበሪ ኣብ ዘፀግም ኩነታት ውሽጢ ዝርከቡ 70 ሽሕ ዜጋታት ብመልክዕ ጎስጓስ ናይ ምምላስ ስራሕ ንምጅማር ኣብ ምድላው ይርከብ ኢሎም።

ካብ ስዑዲ ... ገፅ 7

# ርእሰ ኣንቀፅ

## በዓላትና ንሰላም ሃገርና

ኢትዮጵያ ብርክት ዝበሉ ባህላዊን ሃይማኖታዊን በዓላት ዝበዓሉላ ሃገር'ያ፡፡ባህላዊ በዓላት ባህላዊ ስርዓቶምን እዋኖምን ሓሊዮም እንትበዓሉ ሓድነት ህዝብታት ኣብ ምጥንኻርን ሰላም ኣብ ምፅናዕን ዓብይ እጃም ይፃወቱ'ዮም፡፡ሃይማኖታዊ በዓላት'ውን ብተመሳሳሊ ህዝብታት ሃገርና ሓድኖቶም ንምጥንኻርን ሰላም ዘላቒ ንክኸውንን ምትሕልላይን ምክእኣልን ብዘጠናኽር መገዲ ይኽበሩ'ዮም፡፡

ኣብዚ ሐዚ እዋን እንኽብሮ ዘለና መበል 1445 በዓል ዒድ ኣልፈጥር እንትኽበር'ውን መላእ ተኸተልቲ እምነት እስልምና ብምትሕግጋዝን፣ብሓልዮትን ከምኡ'ውን ዘላቒ ሰላም ንክህልው ብምግባርን ሓድነት ህዝብታት'ውን ብዘጠናኽር ክኸውን ይግባእ፡፡

ህዝብታት ኢትዮጵያ ባህሊ ምትሕግጋዝ ዘለዎም ህዝብታት ምዃኖም ይፍለጥ፤እዚ ባህሊ ኣብ እዋን በዓላት ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ፡፡ህዝበ እስልምና ሰላም ሃገርን ሕብረት ህዝብን ንክጠናኸር ብግንባር ቐዳምነት ግደኡ ክዋፃእ ኣለዎ፡፡

ሰላም መሰረት እስላምና 'ዩ፡፡ህዝበ እስልምና እምነትን ኽብርን ኻልኦት እምነታት ብዝሓለወ መገዲ ርክብ ሕድ ሕድ ህዝብታት ልዕሊ ዝኾነ እዋን ብዝበለፀ ከጠናኽር ይግባእ ፡፡ ኢትዮጵያ ናይ ሰዓብቲ ዝተፈላለዩ እምነታት ብምዃና ኹሎም ኢትዮጵያውያን መንፈስ ኣፈላላይ ብምውጋድ ብምትሕግጋዝ፣ ብምፍታውን ብምክእኣልን ክነብሩ የድሊ፡፡

ኣብ ወርሒ ረመዳን ብህዝበ እስልምና ካብቶም ካልኦት ኣዋርሕ ዝፍለየሉ ምኽንያት ሰባት ፅቡቕ ሰብእና ዝረኣየሉ፣ ንወገን ምብፃሕ፣ ሰባዊ ሰብእና ዝዓዘሉን ምስ ፈጣሪ ዘሎ ርክብ ዝጠናኸረሉን ብምዃኑ 'ዩ፡፡እዚ ተግባር እዚ ኩሉ ግዜ ክኸውን ይግባእ፡፡እዚ ሰናይ ተግባር ንሰላም ሃገርን ንሓድነት ህዝብታትን ኣዚዩ ጠቓሚ ስለዝኾነ ድሕሪ እቲ በዓል'ውን ቐፃላይ ክኸውን ይግባእ፡፡

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ሰላም ሃገር ንምዝራግ ዝተጋገየ መረዳእታ እናፈጠሩ ኣብ መንጎ ህዝብታት ጥርጣረ ንኽዓስል ዝሰርሑ ኣካላት ህዝቢ ሰላም ንኽስእን እናገበሩ 'ዮም። ናይዚኦም ሸርሒ ንምፍሻል ኹሎም እምነታት ተቐራሪቦም ክሰርሑ ይግባእ፡፡ዝያዳ ድማ ኣብ እዋን በዓላት ዝመሓላለፉ መልእኽቲታት ንዚ ኣብ ግምት ብምእታው ዘላቒ ሰላም ንክህልውን ሓድነት ህዝብታት ንክጠናኸር ዝገበር ክኸውን ኣለዎ፡፡

ሃገራዊ ረብሓታት ምርግጋፅ ንኽከኣል ሓባራዊ መንነታትን ሃገራዊ እሴታትን ንክጠናኸሩ ኣብ ዘኽእሉ ጉዳያት ኹሉ ብምስታፍ ብፅሒቱ ክዋፃእ እንተሎ ስለዝኾነ ህዝበ ሙስሊም ድማ ናይ ባዕሉ እጃም ክዋፃእ ይግብኦ፡፡ኣቦታት ሃይማኖትን ዑላማታትን ኣብ ማሕበረሰብ ተሰማዕነት ዘለዎም ሰባትን ብምትሕብባር ንህዝቢ ብፅቡቕ መገዲ ናይ ምምራሕ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ኣለዎም፡፡

ሰባት ፍልፍሎም ዘይተረጋገፀን ብውልቀሰብ ደረጃ ንዝዝርግሑ መረዳእታታት ኣሚኑ ናይ ምቕባል ልምዱ እናዓበየ መፂኡ ኣሎ፡፡ እዚ ኣካይዳ ንሃገርን ወለዶን ዘይጠቅም ብምዃኑ ዝኾነ ጉዳይ ናይ ምሕታትን ምርግጋፅን ባህሊ ኣብ ምዕባይ ጠመተ ተገይሩ ክስራሕ ግድን ይኸውን፡፡

ናይቲ እምነት ተኸታሊ ዝኾነን ዘይኮነን ኩሉ ዝተለመደ ሰብኣውነት ብምርኣይ እቲ በዓል ብሰላም፣ ብፍቕሪ፣ ብምትሕብባርን ብምክብባርን ክኽበር ኣለዎ፤ ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ዝረአ ናይ ሰላም ምዝራግ ዝፍታሕ ብሰላማዊ ዘተ እንትኾን ብምኽንያት ጎንፂ እናሞቱን እናቖሰሉን ከምኡ 'ውን እናተመዛበሉ ዘለዉ ናይ ሓንቲ ሃገር ዜጋታት ብምዃኖም ኩሉ ወገን ነቲ ጎንፂ ጠጠው ብምባል ናብ ሰላማዊ ዘተ ክኣትዉ ይግባእ፡፡

ኣብቲ በዓል ኣብ ኢትዮጵያ ሰላም ዝፀንዐሉ፣ ዕብየት ዝረጋገፀሉ ንክኸውንን ዝተፀገሙ 'ውን ናብ መረበቶም ንኽምለሱን ፀሎት ክገብር ይግባእ፡፡ኣስተምህሮ እቲ እምነት ጎረቤቱ እናጠመየ ንዓርሱ ፀጊቡ እንተሓዲሩ ግቡእ ስለዘይኮነ ህዝበ እስልምና ነዚ ብምርዳእ ዓቕሙ ብዝኽእሎ መጠን ንጎረቤቱ ከካፍልን ክሕግዝን ይግባእ፡፡ብሓድነትና ብምትሕልላይ ድማ ሰላም ሃገር ዘላቒ ንክኸውን ምስራሕ የድሊ፡፡


## ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፦ epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቅበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ስርቂ መሰረተ ልምዓታት- መርኣያ ሕመቕ

ኣብርሃ ሓጎስ

ብሰንኪ ዝተፈጠረ ኹናት ከም ሃገር ብፍላይ ድማ ከም ትግራይ ሰፍ ዘይብል ናይ ሂወት ሞት፣ ናይ ኣካል መጉዳእትን መቑሰልትን ንዋታዊ ዕንወታትን ብምግጣሙ ኣብቲ ክልል ከቢድ ማሕበራዊ ቅልውላውን ኢኮኖሚያዊ ዕንወትን ኪሳራን ምብፅሑ ከይኣክል፤ ብሰንኪ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ተደራራቢ ፀገማት ኣብ ክልዕሊኡ ተወሲኽዎ ድማ ካብ ኹናት ዝተረፈ ህዝቢ ብሰንኪ ሕፅረት ቀረብ ሰብኣዊ ሓገዝ፣ መድሓኒትን ብጥሜትን ሕማምን ኣብ ከቢድ ፀገማት ወዲቁ ዝርከብ ህዝቢ ቀሊል 'ዩ ኢልካ ዝግመት ኣይከውንን። ብፍላይ ድማ በሰንኪ እቲ ኹናት ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ካብ መረበቶም ተፈናቒሎም ክሳብ ሐዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ኸተማታት እታ ክልል ዝርከቡ ተመዛበልቲ ኣብ ዝተሓላለኸ ፀገማት ኮይኖም፤ ምንባር እንተኾይኑስ ኣብ ዘስካሕክሕ ናብራ ኾይኖም ይነብሩ ከምዘለው ዝፍለጥ 'ዩ።

ድሕሪ ዝተኻየደ ከቢድ ኣዕናዋይ ኹናት ዝተበፅሐ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ዝተረበኸ ኣንፃራዊ ሰላም ድምፂ ጠያይትን ቁንብላታትን ደው ካብ ምባል ብተወሳኺ ቀሊል ዘይብሃል ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ረብሓ ዘርከበ ኩነታት እንተተፈጠረ 'ውን ሙሉእ ድልየትን ባህግን ህዝቢ ብዘማልእ ብርኪ ሰላም፣ ፀጥታን ድሕንነት መሊኡ ተረኺቡ ኢልካ ከይትዛረብ ዝግብሩ በቢመዓልቱ ዝስሙዑ መሰከፍቲ ነገራት ካብ ምስማዕ ደው ኣይበልናን።

እቲ ህዝቢ ብኹናት ካብ ዝበፅሖ ፀገማት ብስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ብዝተረኸበ ኣንፃራዊ ሰላም መሊኡ እፎይ ከይበለ ብብዙሓት መሰከፍቲ ነገራት፤ ንኣብነት በብዓይነቱ ስርቕን ጉሕለትን ምትላልን ካብ ዓበይቲ ዝተፈላለዩ ሰብ ስልጣናት ዝብሃሉ ጀሚሩ ክሳብ ተራ ናይ መንደር ሰራቂ ካብ ናይ ጥሙያት ሓገዝ እኽሊ መድሃኒትን ከምኡ 'ውን ዝተፈላለዩ መዓድናትን ሓፂን መፂንን ኢሉ ድማ መሰረተ ልምዓታት እታ ክልል ይጎሓሉ ከምዘለው ብተደጋጋሚ ካብ ዝስሙዑ ፀገማት 'ዮም።

እዚ ከይኣክል ድማ እቲ ህዝቢ ብመንፅር ዘሎ ሰላምን በመንፅር ድልየትን ባህግን ክረኽቦ ዝግባእ ኣብ ሰላም፣ ፀጥታን ድሕነትን ከምኡውን ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ረብሓታት እኹል ኣይኮነን ኢሉ ካብዚ ንላዕሊ ኣብ ዝሕተተሉ እዋን፤ "ንኢስኒ 'ያ እንትበልኩስ ተቆርመመኒ" ከም ዝብሃል ኣብ ልዕሊ ፀገም ካሊእ ተወሳኺ ፀገም ካብ ምስማዕ ደው ዝበለሉ ኩነታት ኣይርኣይን ዘሎ። እዞም ፀገማት ከይዶም ከይዶም ድማ ኣብቲ ካብ ቀደሙ እንተኾነ 'ውን ሰፊሕ ሕፅረት ዝረኣየሉ ኣብ ዝተፈላልዩ መሰረተ ልምዓታትን 'ውን ከይተረፈ ተወሳኺ ከቢድ ፀገም እናበፀሐ ይርከብ ኣሎ።

"ኣብ ርእሲ ድኽነተን ምራኽ ሞተን" ከምዝብሃል ኣብ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ዘሎ ሰፊሕ ሕፅረት መሰረተ ልምዓታት ነተን ዘለዋ ውሑዳት ከም ማይ፣ መብራህትን ካልኦት መሰረተ ልማትን ስርቅን ጉሕለትን የጋጥመን ከምዘሎ እንትትሰምዕ ኣርሒቅካ ዝትሪኦም ተስፋታትካ 'ውን ዝፈታተኑ 'ዮም ዝኾኑ። ኣብ ልዕሊ እዚ ድማ ኣድላይ ዘይኮነ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ሑቱኽቱኽን ዕንክሊልን ተወሲኽዎ፤ ብፍልይ ፈታዊ ዓዱ ዝኾነ መንእሰይ፣ ሙሁር፣ ዝተፈላለየ በዓልሞያን ኣብ ሃገሩ ተስፋ ቆሪፁ ከይሓሰቦ ናብ ስደት ሃፅ ኢሉ ንክብተን ዝደፋፍኡ ተርእዮታት 'ዮም ዘለው ምባል ይከኣል።

ብፍላይ ኣብ ቀረባ እዋን ዝስማዕ ዘሎ ስርቂ ኣብ ልዕሊ መሰረተ ልምዓት ማይ ብዝምልከት ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ህፁፅ እዋናዊ መልእኽቲ ኢሉ ናብ ኹለን ከተማታት፣ ወረዳታትን ጣብያታት ትግራይ ዘሕለፎ መልእኽቲ ብምርኣይ እቲ ፀገም ክንዲ ምንታይ ዝተሓሳሰብን ቁልጡፍ ፍታሕ ዝጠልብን ከምዝኾነ ኢኻ ትዕዘብ። መልእኽቲ እቲ ቢሮ ከምዘመላኽቶ ፤ብመንግስትን ብዝተፈላለዩ ገበርቲ-ሰናይን ሓገዝ ወሃብቲ ኣካላትን ተሃኒፆም ንሕብረተሰብ ግልጋሎት እናሃቡ ዝነበሩ ትካላት መስተ ማይ በቲ ዝተፈጠረ ኵናት ብዝበፅሖም ዕንወት ብርክት ዝበሉ ናይ መስኖን መስተ ማይ ትካላትን ውፅኢት ኢነርጂን ብምዕናውን ብምዝራፍን ብቐሊሉ ዘይሓዊ ፀገማት ኣብ ኩሉ ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ትግራይ ሕፅረት ቐረብ ፅሩይ ዝስተ ማይ ከምዘጋጠመ 'ዩ።

ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ስራሕ ምስጀመረ ቢሮ ማይን ኢነርጂን ምስ ገበርቲ ሰናይ ብምትሕብባርን ሕብረተሰብ ብምስታፍን በቲ ግዝያዊ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዝረኸበ ውሱን በጀት ብምጥቃምን ብምዉዳድ ብውሱን ሃፍቲ ኣብ ገጠርን ከተማን ብርክት ዝበላ ማይ ትካላት ዕገና ብምክያድ ናብ ግልጋሎት ክኣትዋ ፃዕሪ ከምዝገብረ ብምምልካት፤ ድሕሪ ኩናት ዕገና ዝተገበረለን ተሓቆንቲ ትካላት መስተ ማይ ኣብ መላእ ትግራይ ብዝተዋደደ ኣገባብ ኮነ ተባሂሉ ብጉግይ ኣተሓሳስባ ይጎሓላን ይስረቃን ከምዘለዋ ህዝቢ ንዓፀቦን ንማይ ፃምእን ከምኡ 'ውን ንማይ ወለድ ሕማማትን እናተቓልዐ ከም ዝርከብ ገሊፁ 'ዩ።

ብዋናነት እዚ ሕማቕ ተግባር ካብ ዝተረኣየለን ከባቢታት ብመሰረት ናብ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ዝበፅሐ ሪፖርት እንትኾይኑ መጀመርያ እቲ ስርቂ ካብ ተምቤን ትሕት ኢልካ ዘሎ ከባቢ ጣንቋ ምላሽ ዝብሃል 'ዩ ዘጀመረ ከምዝኾነን። ካብኡ ድማ ኣብ ኣምባስነይቲ፣ ማይ ቅነጣል፣ እንዳባ ፃሕማን ከባቢ ዓዴትን ኣብዝሓን ኣብ ከባቢ ማእኸላይ ዞባ ዝርከባ ከባቢታትን፤ ከምኡ 'ውን ንእሽተይ ናብ ከባቢ ሓውዜን 'ውን ክርኣይ ጀሚሩ ነይሩ 'ዩ። ይኹን 'ምበር ኣካልት ፀጥታ እቲ ከባቢን ምስ ህዝቢ ብምትሕብባር ብቅልጡፍ ክቆፃፀርዎ ክኢሎም 'ዮም።

ስለዝኾነ ካብ ዞባ ክሳብ ጣቢያ በቢብርኩ ዘሎ ኣመራርሓን ኣካላት ፀጥታን ብምዉዳድ ህዝቢ ኣተሓባቢርካ እቲ ዝግበር ዘሎ መዕነዋይ ተግባር ሕብረተሰብና ኣብ ልዕሊ ፀገሙ ተወሳኺ ፀገም ንምፍጣር ዝዓለመ ተግባር ስለዝኾነ ብዘይወዓል ሕደር ዝኾነ ዓይነት ኣብ ግልጋሎት ዝወዓላ መሳርሒ ተሓቆንቲ ትካላት መስተ ማይ ካብን ናብን ንከይዳዓዓዝ ፣ ኣብ ሕድ ሕድ ኬላ ክትትልን ተፍትሽን ክግበር ፣ ዝኾነ ኣካል ክሸጥን ክዕድግን ዝተረኸበ ብሕጊ ተሓታቲ ከምዝኸውን፣ ሕብረተሰብን በቢከባቢኡ ዘሎ ምምሕዳርን ብዝተወደበ ኣገባብ ትካላት መስተ ማይ ግቡእ ሓለዋን ክንክንን ክግበረለን ሕብረተሰብ ድማ እተን ዝጥቀመለን ትካላት መስተ ማይ ንብረቱ ምዃኑ ተረዲኡ ጉሒላታት ከቃልዕን ሓለዋን ክንክንን ክገብር ኣተሓሳሲቡ 'ዩ።

በሓፈሻ ማይ ንደቂ ሰባት ሓዊስካ ንመላእ ሂወታውያን ናይ ህላወ መሰረት ብምዃኑ፤ ኣብ ማይ ዘለና ግንዛበ ክዓብን ግቡእ ክንክንን ሓለዋን ክገበሮን ስለ ዝገባእ ኣብዚ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ሚድያን ካልኦት መዳረግቲ ኣካላትን ንጉዳይ ማይ ልዑል ቆላሐታ ብመሃብ ክሰርሑ ይግባእ። ኣበዚ ትኹረት ገይሮም ዝሰርሑ ምሰጋናን ኣድናቆትን ከምዘድልዮም ኩሉ ድማ ኣብ ማይ ጉዳይ ስርቂ ሓዊሱ ሕማቅ ዝሰርሑ ትካላት ይኹኑ ሰባት ኣብዚ መነወሪ ተግባር ምስታፍ ካብ ኩሉ ሕመቅ ዝለዓለ ሕመቅ ምዃኑ ክርድኦምን ካብ ሕማቅ ተግባሮም ድማ ክእርነቡን ይግባእ። ነዚ ተግባር ደው ንምባል ድማ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ኩሉ በሓደ ደው ብምባልን ብምትሕብባርን ክሰርሕ ይግባእ ይብል። ወደሓንኩም።

> **ማይ ንደቂ ሰባት ሓዊስካ ንመላእ ሂወታውያን ናይ ህላወ መሰረት ብምዃኑ፤ ኣብ ማይ ዘለና ግንዛበ ክዓብን ግቡእ ክንክንን ሓለዋን ክገበሮን ስለ ዝገባእ ኣብዚ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ሚድያን ካልኦት መዳረግቲ ኣካላትን ንጉዳይ ማይ ልዑል ቆላሐታ ብመሃብ ክሰርሑ ይግባእ**

# እዋናዊ ዛዕባ

## ሰልፊ ድጋፍ ኣብ መበል 6ይ ዓመት ለውጢ

ኣብርሃ ሓጎስ




ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሩ ክሳብ እዚ ሰሙን ኣብ ብዙሓት ክፋላት እዛ ሃገር ዓበይቲ ትኹረት ካብ ዝሰሓቡ ዛዕባታት ሓደ ንመበል 6ይ ዓመት ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ዝተመርሐ ለውጢ ምኽንያት ብምግባር ዝግበር ዘሎ ድጋፍ ሰላማዊ ሰልፊ 'ዩ። እዚ ድጋፍ ሰላማዊ ሰልፊ እዚ ኣብ ዋና ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ብብርኪ ዝተፈላለያ ከተማታትን ካልኦት ከባቢታን ክልል ኦሮሚያ፣ ኣምሓራ፣ ዓፋር፣ ሶማል፣ ቤንሻንጉል፣ ጋምቤላ፣ሲዳማን ሃረሪን ኣብ ካልኦት ክልላትን ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት መንግስቲ ለውጢ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ዘምፅኦም ለውጥታት ዝድግፉ ጭርሖታት ብምሓዝ እናወፅኡ ከምዝርከቡ ይፍለጥ።

ኣብዚ ናይ መበል 6ይ ዓመት ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ዝተመርሐ ለውጢ ምኽንያት ብምግባር ዝግበር ዘሎ ድጋፍ ሰላማዊ ሰልፊ ብተወሳኺ ብዝተፈላለዩ ላዕላዎት ኣመራርሓታት መንግስትን ደገፍትን ዝተፈላለዩ መልእኽታት እናተመሓላፉ ዝርከቡ ኮይኖም፤ ካብቶም ዝተመሓላለፉ መልእኽትታት ዝተወሰኑ ከምዚ ዝስዕብ ነቕርብ። ሰናይ ንባብ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝተገበረ ድጋፍ ሰላማዊ ሰልፊ ንነበርቲ ዋና ከተማ ኣዲስ መልእኽቲ ዘሕለፉ ከንቲባ ኣዳነች ኣቤቤ መበል 6ይ ዓመት ብቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ዝተመርሐ ለውጢ ንሃገርና ልዕል ብዘብሉ ዓበይቲ ስራሕትን ሕብረብሄራዊ ሕውነትን ልዕል ኢሉ ሓድነት ዝደመቐሉ ንክኸውን፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ድማ ንመዘከርታ ዓወት ዓድዋ ሓዊሱ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ጀሚርና ዝዛዘምናሉ፣ መስሕባት ቱሪዝም ኸምኡ 'ውን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምዕሳል ዝጀመርናዮም ንወድሰብ ቐዳምነት ብዝሃበ ሰብ ተኮር ስራሕትና ሸኽሚ መነባብሮ ብዙሓት ቐሊሉ ንብዓቶም ተሓቢሱ ተስፍኦም ዝለምለመሉ 'ዩ ኢለን 'የን።

ብተወሳኺ ኣብ ቐፃሊ 'ውን ከተማና ተምሳሌት ብልፅግና፣ ከምሽማ ሰሓቢትን ንናብራ ምቹውትን ብምግባር ብኹሉ ዘፈር ዓለምለኸ ማእኸል ስሕበት ናይ ምግባር ፃዕርና ተጠናኺሩ ክቕፅል 'ዩ። ኹልግዜ ድጋፎም ንዘይተፈለየና ነበርቲ ከተማና ኽብርና ዝለዓለ 'ዩ ብምባል፤ ብምምስጋን መልእኽተን ኣሕሊፈን 'የን።

ከምኡ 'ውን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝሓለፉ 6 ዓመታት ንነበርቲ እታ ከተማ ተጠቀምቲ ዝገብሩ ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ከምዝተሰርሑ ዝገልፁ ድማ ምክትል ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣይተ ዣንጥራር ኣባይ 'ዮም። ኣይተ ዣንጥራር ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ዓመታት ንዝተረኸቡ ዓወታት ንምቕፃል ዝዓለመ ሰልፊ ድጋፍ እናተኻየደ ኣብ ዝነበረሉ ከምዝተዛረብዎ፤ እቲ ለውጢ ንኣዲስ ኣበባ ሓዳሽ ንክትኸውን ብዙሕ ገፀ በረከት ኣምፂኡ 'ዩ። ብፍላይ ኣብታ ከተማ ዝተኻየደ ልምዓት ገዛ ንሰብ ውዕለታ ሃገርን ዓቕመ ድኹማትን፣ ንልምዓት ዝተልዓሉ ከምኡ 'ውን ንዝተፈላለዩ ክፋላት ማሕበረሰብ ኣብ ግምት ዘእተወ 'ዩ ብምባል፤ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ንነዊሕ ዓመታት ማእኸል ዲፕሎማሲን ኢኮኖሚን ንምዃና ዘይምጥኑ መሰረተ ልምዓታት ዝነበሩዋ ከተማ ከምዝነበረትን 'ውን ኣብ ዘረበኦም ገሊፆም።

ብተወሳኺ እቲ ሃገራዊ ለውጢ ንኣዲስ ኣበባ ብዙሕ ፀጋታት ኣምፂኡ 'ዩ። እዚ ለውጢ ንምቕፃል ድማ ሓላፊነትና ምውፃእ ይፅብየና ዝበሉ ምኽትል ከንቲባ ኣይተ ዣንጥራር፤ ብፍላይ ናብራ ምኽባር ንምፍታሕ ልዑል ድጎማ ገንዘብ ብምግባር ስራሕቲ ዕዳጋ ምርግጋእ ምፍፃሙ ተዛሪቦም 'ዮም፡፡ ስለዝኾነ ብዙሓት ውፅኢታት ተረኺቦም 'ዮም። ከምኡ 'ውን ፕሮግራም ምገባ ኣብ ቤት ትምህርትታት ብዙሓት ተምሃሮ ተጠቀምቲ ምዃኖም ብምግላፅ፤ በቢእዋኑ ዝግበር ድጋፍ እታወታት ትምህርቲ ብኣብነት ብምልዓል ዝተዛረቡ እንትኾኑ፤ ኣብ ቀፃሊ ድማ ኣብቲ ከተማ ዝስትውዓሉ ፀገማት ልምዓትን ካልኦትን ንምፍታሕ ናይ ለውጢ መንግሲቲ ዝጀመሮ ስራሕቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል 'ዩ።

ብመሰረት ኤፍ.ቢ.ሲ ከምዝፀብፀቦ ድማ፤ ብሃገራዊ ለውጢ ዝተረኸቡ ዓወታት ንምጥንኻር ጠመተ ብምሃብ ከምዝስራሕ ኣብ ክልል ሲዳማ ከተማ ሃዋሳ ሃገራዊ ለውጢ ዝድግፍ ህዝባዊ ሰልፊ ደገፍ ኣብ ዝተሳለጠሉ ርእሰ ምምሕዳር ክልል ሲዳማ ኣይተ ደስታ ሌዳሞ ገሊፆም 'ዮም። እቲ ዝተገብረ ደገፍ፥ "ንሰላምና ዘብዒ ክንከውን ኢና ለውጢ ክነቕፅል ኢና" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝተሳለጠ ኮይኑ፤ 'ቶም ርእሰ ምምሕዳር ወሲኾም ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ፥ ክልል ሲዳማ ብመንግስቲ ለውጢ ዝረኸበቶ ብዙሓት ዕድላት ንምቕፃል ጠመተ ብምሃብ ክስራሕ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም 'ዮም።

ከምኡ 'ውን ድሑራት ኣተሓሳስባታት ብምሕንጋጥ ገስጋስ እቲ ለውጢ ንምትዕንቓፍ ዝግበሩ ምንቅስቓሳት ፍፁም ተቐባልነት ከምዘይብሎምን 'ውን ብምግላፅ፤ ለውጢ ዘመዝገቦም ብዙሓት ውፅኢታት ኣጠናኺርካ ንምቕፃል ህዝቢ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ለውጢ ከምዝስለፍ ምምስካሩ ምግላፆም ካብ ቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣረዲኡ 'ዩ።

ብተመሳሳሊ ሀገራዊ ለውጢ ዝድግፍ ሰላማዊ ሰልፍ ኣብ ክልል ቤኒሻንጉል ጉምዝ ከተማ አሶሳ ኣብ ዝተገብረ ናይቲ ክልል ርዕሰ ምምሕዳር ዝኾኑ ኣይተ ኣሻድሊ ሓሰን ከምዝበልዎ፤ እቲ ሀገራዊ ለውጢ ንህዝቢ ክልል ቤኒሻንጉል ጉሙዝ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ማዕረ ናይ ምውሳን መሰል ረኺቡ 'ዩ። ከምኡ ' ውን እቲ ክልል ኣብ ዝሓለፉ30 ዓመታት ከልዕሎም ዝፀንሐ ዘይተመለሱ ሕቶታት ማዕርነት በቲ ሃገራዊ ለውጢ ክምለስ ተኻኢሉ 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም 'ዮም።

ብብርኪ ሃገር ኣብ ልምዓት እናተመዝገቡ ዘለው ዓወታት ብፅሒት ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ልዑል 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ኣሻድሊ፤ ህንፀት ግዙፍ ግድብ ህዳሰ ኣባይን ካልኦት መሰል ሜጋ ፕሮጀክታት ናብ ፍፃመ እናበፅሑ ምዃኖም ብምግላፅ፤ ኣብቲ ክልል ዝትግበሩ ዘለው ስራሕቲ ልምዓት ንምትዕንቃፍ ብዝተፈላለዩ እዋናት ፈተነታት እናተገበሩ ከምዝነበሩ ብምዝኽኻር፤ ኣብ ቀፃሊ እቲ ሕብረተሰብ ብምስታፍ ብዝስርሑ ፅንኩር ስራሕቲ ሰላምን ፅጥታን ተንኮል ኣካላት ጥፍኣት ከምዘይሰኻዕ ብምግላፅ እቲ ሕብረተሰብ ብሃገራዊ ለውጢ ንዝተመዝገቡ ውፅዒታት ኣፍልጦ ንምሃብ ንዝርኣዮ ድጋፍ ብምምስጋን ብመንግስቲ ለውጢ ዝተረኸቡ ዓወታት ተጠናኺሩ ንክቕፅል በቢዘፈሩ ዝግበር ርብርብ ክጠናኸር ከምዝግባእ ኣረዲኦም።

ኣብ ክልል ቤንሻንጉል ጉሙዝ ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ኣሰሳ ዝኾኑ ኣይተ አብዱልከሪም አብዱረሂም ብወገኖም ለውጢ ሃገራዊ ተኸቲሉ ኣብ ሓምላዋይ ዓሻራ፣ ውፅኢት ገደናታት (ሌማት)፣ ቱሪዝምን ኣብ ካልኦት ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ዘፈራት ዝተሰርሑ ስራሕቲ ዝተጨበጠ ውፅኢታት ተመዝጊቡ 'ዩ። ህዝቢ ከተማ ኣሶሳ ንዚ ናይ ድጋፍ ሰልፊ ምግባሩ ድማ ንዝሓለፉ ዓመታት ነቲ ሃገራዊ ለውጢ ዝመርሐ መንግስቲ ኣፍልጦ ካብ ምሃብ ዝሓለፈ ውግንነቱ ብተግባር ዘርኢ 'ዩ ኢሎም። ስለዝኾነ ብዝተፈላለዩ ግንባራት ውፂታዊ ተጠቃሚነት ንምቅፃል ዝከኣል ሰላምና ዘላቂ እንትኸውን ስለዝኾነ፤ ነባሪ ህዝቢ እቲ ከተማ ሕውነታዊነትን ምክእኣልን ብምጥንኻር ሰላሞም ከቀፅሉ ኣተሃሳሲቦም 'ዮም።

ኣብቲ ናይ ድጋፍ ሰልፊ ካብ ዝተረኸቡ ነበርቲ ከተማ ኣሶሳ ዝኾና ወይዘሮ ኣሙና አብዱልዋሂድ ሃገራዊ ለውጢ ተኸኢሉ ኣብ ከባቢአን እናተሰርሑ ካብ ዘለው ስራሕቲ ልምዓት ተጠቃሚት ምዃነን ብምግላፅ፤ ብፍላይ ኣብ ናይ ባዕለን ጉዳይ ባዕለን ክውስና ምኽኣለን ናይ ተጠቃሚነት ዋና መርኣይ 'ዩ ብምባል፤ ኣብቲ ክልል ዘሎ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ እቲ ሕብረተሰብ ተሳታፊነቱን ተጠቃሚነቱን እናረጋገፀ ምምፅኡ ተዛሪበን።

ብተመሳሳሊ ነባሪ እቲ ከተማ ዝኾኑ ኣይተ እንድሪስ አልመሃዲ ዝብሃሉ ተሳታፊ እቲ ድጋፍ ሰልፊ ብወገኖም መናእሰይ እቲ ክልል ብነፃነት ተወዲቦም ብምስራሕ ዓርሶም ካብ ምልዋጥ ብተወሳኺ ነቲ ክልል ይኹን ንዕብየት ኢኮኖሚ እታ ሃገር ግደኦም እናተዋፁ ምዃኖም ብምርዳእ፤ ጉዕዞ ሃገራዊ ለውጢ ኣብቲ ክልል ዝርከባ ከተማታት ዕብየት እናርኣያ ብምምፅአን እቲ ህዝቢ ብማሕበራዊን ኢኮኖሚን ተጠቃሚ እናኾኑ ምዃኖም ገሊፆም 'ዮም ግ.ዚ.ኢ. ፀብፀቡ።

ብተመሳሳሊ ኣብ ከተማ ወላይታ ሶዶ ዝተኻየደ ናይ ድጋፍ ሰልፊ ብፍላይ ኣብ ከተማታት እቲ ዞን ካብ ዝርከቡ ምምሕዳር ወረዳታት ዝተወፅፅኡ ክፋላት ማሕበረሰብ ዝተሳተፉ እንትኾኑ፤ "ሰላምና መሰረት ብልፅግናና 'ዩ እሞ ንሃገርና ሰላም ተተሓሒዝና ክንሰርሕ ኢና"፣ "ሕብረ ብሔራዊነትና ብምጥንኻር ንኹሉ ዝትምቸው ኢትዮጵያ ክንሃንፅ ኢና " ዝብሉን ጭርሖታት ዘስምዑ ኮይኖም፤ ኣብ ዞባ ጋሞ ኣብ ከተማ ኣርባ ምንጪ ናይ ለውጢ መንግስቲ እናመዝገቦ ዘሎ ውፅኢት ዝድግፍ ኣብ ዝተኻየደሉ 'ውን 'ቶም ሰልፈኛታት መንግስቲ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ፈተናታት ተፃዊሩ ውፅኢት ከምዘመዝበ ዘመልኽቱ ጭርሖታት ኣስሚዖም 'ዮም።

ከም ሃገር ደው ዝበለሉ ስትራቴጂ ብምቅራፅ ጥንኩር ዲስፕሊን ብምትግባር ብብርኪ ዓለም ኣፍልጦ ዘትረፈ ዕብየት ኢኮኖሚ ምምዝጋቡን ተደራራቢ ፀገማት ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝኸፍአ ዋጋ ከየኽፍል ኣኽኢሉ 'ዩ። ድሕሪ እቲ ናይ ለውጢ መንግስቲ ኣብዛ ሃገር ሓዱሽ ኣተሓሳስባ ፖለቲካ ንምፍጣር ፀገማት ብዘተን ድርድርን ንምፍታሕ ዘኽእል ባህላዊ ፖለቲካ ብምፍጣር በቲ ትፅቢት ዝተገበረሉ ብርኪ ውፅኢት እንተዘይ ምፅአ 'ውን ኸይዲ ምፍጣር ሓዱሽ ኣተሓሳስባ ፖለቲካ ኣብ ምምፃእ ዓቢ ቦታ ዝወሃቦ 'ዩ። እዚ ሓቂ ብምርዳእ ድማ ሐዚ ዝግበሩ ናይ ድጋፍ ሰልፊ ነዚ ተግባር ግቡእ ኣፍልጦ ካብ ምሃብ ብዝሓለፈ፤ ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ሃገር ዝተፈጠሩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ስብራቶታት ምሕካም ዘኽእል ቁርፀኝነት ንክፍጠር ተወሳኺ ዓቅምን ፅንዓት ዕላማን ዝፈጥሩ 'ዮም ተባሂሉ።

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ኣብ መቐለ ዝርከባ ዝተወሰና ኢንዱስትሪታት ናብ ስራሕ ኣትየን'የን ››

- ኣይተ ኣታኽልቲ ስዩም

መኣርግ ገ/ሄር

**ኣብ ትግራይ በቲ ንኽባቢ ክልተ ዓመት ኣጋጢሙ ዝነበረ ኲናት ስዒቡ ብዙሓት ትካላት ዓንየን 'የን:: ካብተን ዝዓነዋ ትካላት፣ ትካላት ንግድን ኢንዱስትሪን ምጥቃስ ይከኣል 'ዩ:: ኣብቲ ትካል ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ናብ ብዙሕ ፀገም ተቓሊዖም 'ዮም:: ንዝኽፍአ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያውን ፀገም ተሳጢሖም 'ዮም:: ብኣንፃሩ ድማ ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ኣንፃራዊ ሰላም ብምስፋኑ ብዙሓት ኢንዱስትሪታት ናብ ስረሐን ተመሊሰን ምህርቲ እናሃባ ይርከባ:: በዚ መሰረት ኣብቲ ትካል ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ናብ ስረሖም ተመሊሶም ህይወቶም እናመርሑ ይርከቡ:: ምስ እዚ ተታሒዙ ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን እዘን ኢንዱስትሪ እዚአን ኣብ ምንታይ ኩነታት ከምዝርከባን ክንደይ ዝኣኽላ ናብ ስራሕ ተመሊሰን ክንደይ ዝኣኽለ ኸ ኣይተመላሳን ኣብ ዝብል ዙርያ ምስ ምክትል ሓላፊ ንግድን ኢንዱስትሪን ክልል ትግራይ ኣይተ ኣታኽልቲ ስዩም ዝገበርናዮ ፃኒሕት ሙሉእ ትሕዝትኡ ከምዚ ስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና:: ሰናይ ንባብ!**



**ወጋሕታ፡- ኣብ ትግራይ ዝርከባ ኢንዱስትሪታት ኣብዚ ሕዚ ሰዓት ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከባ?**

**ኣይተ ኣታኽልቲ፡-** በቲ ዘጋጠመ ኲናት ስዒቡ ኣብ ትግራይ ብዙሓት ትካላት ዓንየንን ተዘሪፈንን 'የን:: በዚ ምኽንያት ምህርቲ ዝህባ ዝነበረ ኢንዱስትሪታት ኣቋሪፀን ፀኒሐን 'የን:: ብምኽንያት እዚ ኣብቲ ትካል ዝሰርሑ ዝነበሩ ንልዑል ኢኮኖሚያዊ ቑልውላው ተሳጢሖም 'ዮም:: ሓደ ሓደ ኢንዱስትሪታት ድማ ዝጎደሎም ብምምላእ ናብ ስራሕ ዝኣተዉ ኣለዉ:: እቶም ዝዓነዉ ድማ መንግስቲ ሓላፍነት ወሲዱ ወይ ልቓሕ ብምምቻቸው፣ ወይ ድማ ሓገዝ ብምግባር ምትዕርራያት ብምግባር ስራሕ ናብ ዝጅምርሉ ኩነታት ንምፍጣር ምዝርራብ ኣሎ:: ኮይኑ ግና ክሳብ ሕዚ ዕልባት ኣይተረኸበን:: ክሳብ ሕዚ ክጅምሩ ዝግበኦም ኢንዱስትሪታትን ፋብሪካታትን ናይ ወፃኢ ሸርፊ ይኹን ልቓሕ ብዘይ ምርካቡ ናብ ስራሕ ኣትየን 'የን ኢልካ ንምዝራብ ዘድፍር ኣይኮነን:: ሓፈሻዊ ኩናታት ነዚ 'ዩ ዝመስል::

**ወጋሕታ፡- ክሳብ ሕዚ ክንደይ ዝኣኽላ ኢንዱስትሪታት ናብ ስራሕ ተመሊሰን? ክንደይ ዝኣኽላ ኸ ዘይተመለሳ ይርከባ?**

**ኣይተ ኣታኽልቲ፡-** ቑፅረን ንምግላፅ ሕዚ ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ የብለይን:: ግን ንሕና ከም ተወከልቲ ናይ ንግዲ ማሕበረሰብ ምስ ሰብ ሃፍቲ ምዝርራብ የድሊ ስለዝኾ እናተዘራረብና ኢና:: ኮይኑ ግና ከምቲ ቕድም ዝበልክዎ ዕሙቕ ዝበለ ሓበሬታ ስለዘይብለይ ሕዚ ክንደይ ናብ ስራሕ ተመሊሰን ክንደይ ከ ኣይተመለሳን ንዝብል ሕቶ ብቑፅ መልሲ ክህበካ ኣይኽእልን:: በርግፅ ኣብ መቐለ ዝበፅሐ ጉድኣት ምስተን ኣብ ካሊእ ከተማታት ዝበፅሐ ጉድኣት ዝወዳደር ኣይኮነን:: ኣብ መቐለ ዝተወሰነ ጉድኣት 'ዩ በፂሕዎን:: ኣብ ካሊእ ግና ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ ኮይነን 'የን:: ኣብ መቐለ ዝርከባ ኢንዱስትሪታት ብዙሕ ጉድኣታት በፂሕዎን 'ዩ ማለት ኣይከኣልን:: ኣብ መቐለ ዝርከባ ዝተወሰና ኢንዱስትሪታት ናብ ስራሕ ኣትየን'የን:: ልቓሕን ካልኦት ጥረ ኣቕሓን ወይ ምስትኽኻላት ተገይሩለን'ዩ ናብ ስራሕ ዝኣተዋ ኣ:: ገሊአን ዋላ ኣብ መቐለ ዝርከባ 'ውን ናብ ስራሕ ዘይኣተዋ ኣለዋ 'የን::

ካብ መቐለ ወፃኢ ዘለዋ ግና ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ስራሕ ኣይጀመራን:: ገሊአን ናብ ስራሕ ዘይኣተዋሉ ምኽንያት በቲ ዝበፅሐን ጉድኣት ኮይኑ ገሊአን ግና ቕድሚ ኩናት ናይ ባንኪ ልቓሕ ወለደን ስለ ዘለዎን 'ዩ:: በቲ ኩናት ምኽንያት ጠጠው ኢለን ስለ ዝነበራ ኢሉ 'ውን ብልቓሕን ወለድን ስለ ዝተትሓዛ እዚ ተዘይተፈቲሑለን ሕዚ ስራሕ ንምጅማር ኣብዘኽእል ኩነታት ኣይርከባን:: ናብ ስራሕ እንተኾነን ካብ መንግስቲ ዝግበር ትፅቢት ክረኽባ ኣለዎን:: ካብ መንግስቲ መፍትሒ የድልየን 'ዩ::

በርግፅ ኣብ ዝሓለፈ ቐረባ እዋን ምስ እዚ ተታሓሒዙ ምስ መንግስቲ ፌዴራል ዘተ ተገይሩ 'ዩ:: ነዚ ንምፍታሕ 'ውን ኮሚቴ ተጣይሹ ኣሎ 'ዩ:: ዝተጠራቐመ ወለድ ኣሎ፤ ባንክታት ድማ ወለድ ክፈሉ እናበሉ 'ዮም:: እቶም ፋብሪካታት ድማ ብሰንኪ እቲ ኩናት ኣብ ስራሕ ኣይነበሩን:: እዚ ክሕሰበሉ ይግባእ:: ዝተወሰኑ ናብ ስራሕ ዝኣተዉ ኣለዉ፤ መብዛሕትኦም ግና ናብ ስራሕ ኣይኣተዉን:: በዚ ምኽንያት ብዙሓት ሰራሕተኛታት 'ውን ተበቲኖም ተሪፎም 'ዮም:: ብፍላይ ካብ መቐለ ወፃኢ ዘለዉ መብዛሕትኦም ኣይጀመሩን:: ኣብ ዞባ ምብራቕ ከም ናይ ቆርበት፣ ሰራሚክ፣ መድሓኒትን ዝመሳሰሉ ፋብሪካታት ነይሮም 'ዮም:: ኮይኑ ግና እዚኦም ዝበፅሖም ጉድኣት ከቢድ ምስ ምኳኑ ተታሓሒዙ ስራሕ ኣይጀመሩን:: ካብ መንግስቲ ብዙሕ ድጋፍ ዘድልዮም 'ዩ:: ብሓፂሩ እቶም ፋብሪካታት መሊኦም ናብ ስራሕ ክኣትዉ መንግስቲ ልዑል ድጋፍ ክገብር ትፅቢት ይግበር:: ካብ መቐለ ወፃኢ ዝርከቡ መብዛሕትኦም ዓንዮም 'ዮም:: ንኣብነት ኣብ ዓድዋ፣ ኣክሱም ዓድግራትን ውቕሮን ካልኦትን ዝርከቡ ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ዓንዮም 'ዮም:: እዚኦም ልዑል ድጋፍ እንድሕር ዘይተገይርሎም ናብ ስራሕ ክምለሱ ኣይኽእሉን::

እዚኦም ናብ ስራሕ ክኣትዉ ሕዚ ናይ መንግስቲ መፅናዕቲ ተገይሩሎም መፍትሒ ክቕመጠሎም ኣለዎ:: ምስ ባንክታት ዘለዎን ርክባት ክስተኻኸል ኣለዎ:: ምስ ባንኪ ከስማዕምዕ ዝኽእል ፖሊሲ የድሊ:: ምኽንያቱ ኣብዘይሰርሕሉ ምስ ወለዱ ክፈሉ እናተባህሉ 'ዮም:: ኣብቶም ፋብሪካታት ዝበፅሐ ጉድኣት ዕሙቕ ዝበለ መፅናዕቲ የድሊ 'ዩ:: ንኣብነት እቲ ፋብሪካ ጉድኣት በፂሕዎ እንተኾይኑ ከምኡ 'ውን ኣብ ርእሲ እዚ ልቓሕ ኣለዎም፤ እዚ ዝፍትሐሉ ኣሰራርሓ የድሊ:: እዞም ፋብሪካታት ስራሕ ንኽጅምሩ እንታይ ክግበር ኣለዎ ኣብዝብል ናይ መንግስቲ መፍትሒ ምቕማጥ የድሊ:: ናይ ፖሊሲ ለውጢ የድሊ:: ነቶም ሰብ ሃፍትን ባንኪታትን ከታዓርቕ ዝኽእል ኩነታት ካብ መንግስቲ ውፅኢት እናተፀበና ኢና:: በርግፅ ኣብ ቀረባ እዋን መፍትሒ ክንህበኩም ኢና ተባሂሉ ኣሎ 'ዩ:: ኣብዝሓለፈ እዋን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝነበረ ኣኼባ ነዚ ዝፈትሕ ኮሚቴ ብላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ተጣይሹ ኣሎ 'ዩ:: ካብኦቶም ዝርከብ ውሳነ ንፅበ ኣለና::

**ወጋሕታ፡- ኣብተን ትካት ተሰማርዮም ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ምስ ምቁራፅ ደመወዝ ተታሓሒዙ ኣብምንታይ ኩነታት ይርከቡ?**

**ኣይተ ኣታኽልቲ፡-** በቲ ኲናት ስዒቡ ብዝበፅሐ ጉድኣት ሰራሕተኛታት ብዙሕ ፀገም እናበፅሖም ይርከቡ:: ገሊኦም ተበቲኖም፤ ገሊኦም ድማ ንግዚኡ ምስ ቤተሰብ ተፃጊሞም ይርከቡ:: ብፍላይ ኣብቶም ስራሕ ዘይጀመሩ ኢንዱስትሪታት እቶም ሰራሕተኛታት ተበታቲኖም 'ዮም ዝርከቡ:: ኮይኑ ግና ኣብ መቐለ ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ምስ ምጅማር እቶም ኢዱስትሪታት ተተሓሒዙ ናብ ስራሕ ዝተመለሱ ኣለዉ:: ኣብዚ ኩነታት እዚ ናይ ዝሓለፈ ዘይተኸፈሎም ደመወዝ ዝጠየቑ ሰራሕተኛታት ኣለዉ::ኮይኑ ግና ብሰንኪ እቲ ኩናት እቶም ኢንዱስትሪታት ስራሕ ዘይሰርሑ ስለ ዝነበሩ ደሞዝ ክኸፍሉ ኣይከኣሉን:: ከምዚኦም ዝበሉ ፀገማት ኣለዉ:: እቶም ሰራሕተኛታት ብዙሕ ፀገም 'ዩ ዘለዎም:: ብዘይ ስራሕ ምንባር ማለት ክንደየናይ ከቢድ ከምዝኾነ ፍሉጥ 'ዩ:: ነዚ ዝኸፍል ትካል ድማ የለን:: ነዚ ብዘተ ንምፍታሕ ዘኽእል ድማ ኮሚቴ ተጣይሹ እናተሰርሐሉ 'ዩ ዝርከብ:: እቶም ሰራሕተኛታት ብዙሕ ኢኮኖሚያዊ ፀገም ኣለዎም:: ንኣብነት ናይ ቀለብ፣ ክራይ ገዛ ወዘተ ዝመሳሰሉ ፀገማት ኣለዎም:: ነዚኦም ንምፍታሕ እቲ ኮሚቴ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ብምኳን ስራሕ እናሰርሐ 'ዩ ዝርከብ:: እቲ ዘተ ተጀሚሩ 'ዩ:: ነዚ መንግስቲ ፌዴራል እናሰርሐሉ 'ዩ ዝርከብ:: እዚ ሰራሕተኛን ትካላትን ዘካስስ ጉዳይ የብሉን ብዘተ ዝፍታሕ ጥራሕ 'ዩ ዝኸውን:: ምኽንያቱ በቲ ዝነበረ ጉዳይ እቲ ትካል ኣብ ስራሕ ስለ ዘይነበረ ከሲሩ 'ዩ:: እዚ ጉዳይ እዚ ብዘተ ክፍታሕ ኣለዎ ብዝብል ካብ ቢሮ ዘስርሕ ሰራሕተኛን ትካል፣ ፍትሒ ዝመሳሰሉ ተወከልቲ ተውፃእዊኦም ነዚ ንምፍታሕ እናሰርሑ 'ዮም ዝርከቡ:: ብተወሳኺ ትካላት ኢኮኖሚ ብውዕል ፕሪቶሪያ መሰረት ብመንግስቲ ናብ ዝነበርዎ ተመሊሶም ስርሖም ክጅምሩ ኣለዎም ስለ ዝብል እቲ ውዕል ሙሉእ ብሙሉእ እናተተግበረ እንተኸይድ ሓቢሮም ይፍትሑ ዝብል ተስፋ 'ውን ኣለና::

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ጉዳይ እዚ ማለት እዞም ኢንዱስትሪታት ተፀጊኖም ናብ ስራሕ ንምእታው ብወገን ግዝያዊ ምንግስቲ ትግራይ ዝስርሑ ዘለዉ ስራሕቲ ኸ እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ኣታኽልቲ፡-** ንሕና ንመንግስቲ ፌዴራል ሕቶ ካብ ነቅርብ ዳርጋ ሓደ ዓመት ክኸውን ኢሉ ኣሎ:: ናብ ሚኒስቴር ፋይናንስ፣ ብሄራዊ ባንኪ ዝመሳሰሉ ትካላት ሓሳብ ኣቕሪብና ኢና:: ብኣካል 'ውን እንተይቀረየ ዘተ ተገይሩሉ 'ዩ:: ከምቲ ብሚድያ እንሰምዖ 'ውን ካብ ፌዴራል ዝምልከቶም ኣካላት እናመፁ ይሪእዎ 'ዮም:: ኣብዚ ሪኦም ንምስራሕ ተኣማሚኖም ይምለሱ 'ዮም:: ኮይኑ ግና እቲ ፀገም ኣብ ናይ ምፍፃም 'ዩ ዝመስለኒ:: 'ምበር ብኣና ወገን ክስራሕ ዝግበኦ ምስ ዝተወሰነ ጉድለቱ እናሰራሕና መፂእና ኢና:: ሕዚ 'ውን ሱኽ ኣይበልናን::

ካብ ፌዴራል ዝምልከቶም ኣካላት እንትመፁ ዘተ ይግበር 'ዩ:: እቲ ዘሎ ፀገም 'ውን ይቀርበሎም 'ዩ:: መፍትሒ ክኸውን ዝኽእል 'ውን እዚ 'ዩ ተባሂሉ ይቕመጥ 'ዩ:: ከምኡ 'ውን ትኽክል 'ዩ ኢሎም ኣሚኖም ይኸዱ ኮይኑ ግና ናይ ምፍፃም ፀገም ኣሎ:: ምስ ማሕበረሰብ ንግዲ 'ውን ዘተ ተኻይዱ 'ዩ:: ከምቲ ቕድም ዝበልኩኻ እቲ ፀገም ኣብ ምፍፃም 'ዩ:: እቲ ዘሎ ኩነታት ክነፍልጠኩም ኢና 'ዮም ዝብሉና:: ንሕና 'ውን መልሲ እናተፀበና ኢና ዘለና::

**ወጋሕታ፡-ምስ እዚ ተተሓሒዙ ክተርፍ ዘይግበኦ ሓሳብ እንተሃልዩ ንምግላፅ ዕድል ክህቦም፤**

**ኣይተ ኣታኽልቲ፡-** ጥቕልል ብዝበለ ንሕና ዝጠየቕናዮም ነገራት ሰለስተ ነገራት 'ዮም:: እዞም ኢንዱስትሪታት ናብ ዝነበርዎ ኢኮኖሚያዊ ምንቕስቓስ ክምለሱ፣ ሰራሕተኛታት ናብ ስረሖም ክምለሱ፣ እቶም ቢዝነስ ትካላት 'ውን ናብ ስረሖም ክምለሱ ሰለስተ ነገራት ኢና ጠይቕና:: እቲ ሓደ እተን ባንክታት ልቓሕ ከማቻችዋ፤ እዞም ትካላት ኢንዱስትሪ ኣብ ስራሕ ኣብዘይነበርሉ እዋን እቶም ልቓሓት ወለድ እናቐፀሩ ነይሮም 'ዮም:: ብምኳኑ ወለዶም ክስረዘሎም ኣለዎ:: ነዚ ድማ ካብ ባንኪ ዓለም ይኹን ካልኦት ሓገዝ ይገበር፤ መንግስቲ ድማ ካብ ካልኦት ይጠይቕ የማቻቹ ዝብል ሓሳብ ኢና ኣቕሪብና::

ካልኣይ ብውሱን መልክዑ ጉድኣት ዝበፅሖም ኣለዉ:: ግን ንእሽተይ ሓገዝ ተገይሩሎም ናብ ስራሕ ክኣትዉ ዝኽእሉ 'ዮም:: ነዚኦም ናይ ደገ ሸርፊን ልቓሕን ተማቻቺይሎም ናብ ስራሕ ክኣትዉ ይገበረልና:: ሳልሳይ ሙሉእ ብሙሉእ ዝዓነዉ ኣለዉ፤ ናይዚኦም ዕዳ 'ውን ተሰሪዙ ካሊእ ዕዳ ተማቻቺይሎም ናብ ስራሕ ክኣተዉ ይገበር እናበልና ኢና ንሓትት ዘለና:: እዚኦም ድማ ንመንግስቲ ዝኸብዱ ኣይኮኑን:: እቶም ባንክታት ልቓሕ ብምምችቻው እዞም ፋብሪካታት ናብ ስራሕ ዝኣትውሉ ኩነታት ክህሉ ኣለዎ እናበልና ሓሳብ እናቕረብና ኢና:: ኮይኑ ግና ክሳብ ሕዚ ልቓሕ የለን ዘሎ:: እዚኦም ተፈቲሖምልና ከም ሃገር ብሓደ ልምዓትና ከነፋጥን ኣለና ዝብል 'ዩ ሕቶና:: እዚኦም ይፈቱሑለይ 'ዩ ዝብል ዘሎ:: ኣብዚ ጉዳይ እዚ መንግስቲ ሓላፍነት ወሲዱ ክሰርሐሉ ኣለዎ:: እቲ ክልል ሕልፈ ዝሓተቶ ነገር የለን::

**ወጋሕታ፡- ምስ እዚ ተተሓሒዙ ክሕልፍዎ**

‹‹ኣብ መቐለ ዝርከባ … ገፅ 6

# ‹‹ኣብ መቐለ ዝርከባ ዝተወሰና ኢንዱስትሪታት...

**ዝደለይዎ መልእኽቲ እንተሃልዩ ዕድል ክህቦም፤**

**ኣይተ ኣታኽልቲ፡-** ኣብ ሕድ ሕድ ትካላት ዝበፅሐ ጉድኣት ክንደይ ዝኣክል ከምዝኾነ ዳታ ኣሎ። 25፣ 50 ሚኢታዊን ካብኡ ንላዕልን ዝበፅሖም ዕንወት ከምዘሎ መፅናዕቲ ኣሎ። ነዚ መሰረት ብምግባር እቲ ክልል ሓቐኛ ሓበሬታ ብምቕራብ ቐፂሉ ድማ ኩሉ ዝምልከቶ ኣካል ንምሕጋዝ ብፅሒቱ ክወስድ ኣለዎ። ነዚ መሰረት ብምግባር መንግስቲ ፌዴራል ክሕግዝ ዝኽእል ሳልሳይ ኣካል የማቻቹወልና። ከም ዎርልድ ባንክን ኣይ.ኤም.ኤፍን ንሕኽግዙ ከማቻቹ ኣለዎ። መን እንታይ ክገብር ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ተታሒዙ መንግስቲ እዚ ክልል በቢሴክተሩ ኮሚቴ ብምጥያሽ የተሓባብር ኣሎ 'ዩ። መን እንታይ ክገብር ኣለዎ? ብምባል እቶም ፀገማት ምስ መንግስቲ ፌዴራል ብምዃን እናሰርሐ 'ዩ ዝርከብ። እዚ ብቀንዱ ንመንግስቲ ፌዴራል 'ዩ ዝምለከቶ። ምኽንያቱ እዚኦም ናይ ቢዝነስ ትካላት 'ዮም። መንግስቲ 'ዩ ክድግፎም ዝግባእ።

ካልኦት ከም ሰብ ሃፍቲ ተጋሩ፣ ዳያስፖራ ተጋሩን ካልኦት ፈተውቲ ትግራይን ይምልከቶም 'ኳ እንተኾነ ኮይኑ ግና ኣብ ኣብያተ ጥዕና ጣብያ፣ ትምህርቲን ካልኦትን እናተሳተፉ 'ዮም ዝርከቡ። ብኡኡ ድማ ክቕፅልሉ ይግባእ። ሕዝቢ ንንግዲ ትካላት ዘይኮነ ዝድግፍስ ንሕብረተሰብ 'ዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ትካላት መን ከምዝድግፎም ናይ ካልኦት ሃገራት ተሞክሮ ምውሳድ የድሊ። እዚኦም መንግስቲ ብምትሕብባር ብቕንዕና ነዚ ፀገም እዚ ከመይ ከንፈትሖ ይግባእ ብምባል ክፈትሕ ትፅቢት ይግበር። ዓለም ለኸ ከም ባንኪ ዓለም ዝመሳሰሉ ትካላት ብምትሕብባር 'ዩ ብቐንዱ ክፍታሕ ዝኽእል። ስለዚ መንግስቲ ፌዴራል ብቐንዱ ነዞም ትካላት እዚኦም ቐላሕታ ክገብረሎም በዚ ኣጋጣሚ መልእኽተይ ከመሓላለፍ ይደሊ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት የቐንየልና።**

**ኣይተ ኣታኽልቲ፡-** ኣነ 'ውን ሓሰበይ ንምግላፅ ስለ ዝዓደምኩምኒ የቐንየለይ።

# ዘለዎ ንዘይብሉ ምሕጋዝ፣ ምድግጋፍን...

ኢብራሂም ቱፋ ሓዊሱ ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኣዲስ ኣበባ ሸኽ ሱልጣን ኣማን ኢባ፣ ሚኒስትር ፋይናንስ ኣይተ ኣሕመድ ሽዴ፣ ኡስታዛት፣ ኢማማትን ሰዓብቲ እቲ እምነትን ተረኺቦም ኣኽቢሮም።

ኣብቲ ስነ ሰርዓት ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያ ኣማኻሪ ማሕበራዊ ጉዳያት ኡስታዝ ኣሕመዲን ጀበል ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ፆም ረመዳን ዝተራእየ ሰናይ ስራሕቲ ምትሕግጋዝን ምትሕብባርን ክቕፅል ይግባእ።

ወርሒ ረመዳን ብርክት ዝበሉ ናይ በረከት ስራሕቲ ዝስረሐሉ ዝነበረ ምዃኑ ብምጥቃስ፤ ብፍላይ ፆም፣ ስግደትን ምፅዋትን ዝተፈፀመሉ ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ ኣብ ረመዳን ዝተጀመሩ ሰናይ ተግባራት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክቕፅሉ 'ዮም ኢሎም።

ፆመ ረመዳን ተፈቲሑ ኢልካ ዝውዳእ ከምዘይኮነ ዝገለፁ እቶም ኣማኻሪ፤ ብተመሳሳሊ ሰናይ ተግባራት ክቕፅሉ 'ዮም ኢሎም።

ዋና ፀሓፊ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስላምና ኣዲስ ኣበባ ሸኽ ሑሴን በሽር ብወገኖም፤ ወርሒ ረመዳን ካብ ዝኾነ እዋን ብዝተፈለየ መንገዲ ንዝተፀገሙ ሰባት ብምሕጋዝ ኣሕሊፉ 'ዩ ኢሎም።

ኣብ ወርሒ ረመዳን ብዙሓት ሰባት ንዝተፀገሙ ወገናት ገንዘባውን ሞራላውን ደገፍ ክገብሩ ከምዝፀንሑ ዝገለፁ ሸክ ሑሴን፤ እስላም ኣብ ኣጀንዳ ሰላም እታ ሃገር እጃሞም ከበርክቱ ፀኒሖም 'ዮም ክብሉ ገሊፆም።

መላእ ህዝቢ ሙስሊም ናይ ሓባር ብዝኾኑ ሃገራዊ ሰላም፣ ልምዓትን ካልኦት ኣጀንዳታትን ኢድ ንኢድ ብምትሕሓዝ ምቕፃል ከምዘድሊ ጠቒሶም።

እስላማዊ ጉዳያት ፈፃሚት ኮሚቴ ስራሕ ኣዲስ ኣበባ ሳቢር ይርጉ ብግዲኦም ፣ ኢትዮጵያ ተኸተልቲ ካልኦት ሃይማኖታት ስለዘለዋ ሃገር ንምቕፃል ብሓባር ምስራሕ የድሊ ኢሎም።

ኩሉ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱን ካልኦትን እምነት ከኽብር ግቡእ ምዃኑ ብምግላፅ፤ ብምትሕብባር ሃገር ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክትበፅሕ ከምትኽእል ተዛሪቦም።

ብተመሳሰሊ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኢትዮትዮጵያ ፕረዚዳንት ሼኽ ሓጂ ኢብራሂም ቱፋ መበል 1ሺሕን 445 በዓል ዒድ ኣልፈጥር ኣመልኪቶም ንመላእ ሰዓብቲ ህዝበ ሙስሊም ናይ እንኳ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ ኣብዘማሓላለፉ ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ ወርሒ ረመዳን ዝተረኣየ ምርድዳእን ፅቡቕ ስነ ምግባርን ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ኣለዎም።

ኣብ ሓደ ሓደ ከባቢታት ዝረአ ናይ ሰላም ምዝራግ ዝፍታሕ ብሰላማዊ ዘተ ምዃኑ ዘልዐሉ ሼኽ ሓጂ ኢብራሂም፤ ብምኽንያት ጎንፂ እናሞቱን እናቖሰሉን ከምኡ 'ውን እናተማዛበሉ ዘለዉ ናይ ሓንቲ ሃገር ዜጋታት ብምዃኖም ኩሉ ወገን ነቲ ጎንፂ ጠጠው ብምባል ናብ ሰላማዊ ዘተ ክኣትዉ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ኩሉ ኢትዮጵያ ነታ ሃገር ምርግጋዕን ንሰላም ብሓደ ክተግህን ይግባእ፤ ናይ ኣዲስ ኣበባ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ እስልምና ፕረዚደንት ሼኽ ሱልጣን ኣማን ኤባ 'ውን መበል 1445 በዓል ኢድ ኣልፈጥር ኣመልኪቶም መልእኽቲ ዘሕለፉ እንትኾኑ፣ ኣብ ፆመ ረመዳን ዝዳበሩ ናይ ምርድዳእ ተግባራት ክቕፅሉ ይግባእ ኢሎም።

ከም ገለፃ እቶም ፕረዚደንት፤ እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ መእተዊ ፆም ረመዳን ብዘሕለፎ መልእኽቲ መሰረት፣ እቲ ሕብረተሰብ ብምድግጋፍ፣ ብምትሕልላይ፣ ብሙፃምን ዱዓን ተጊሁ ኣሕሊፉ 'ዩ። ንዝቕፅል ፆመ ረመዳን 'ውን ዝዳበሩ ተግባራት ክቕፅሉን ኣካል ማሕበራዊ ምትእስሳር ክኾኑ ከምዝግባእ ኣገንዚቦም።

ናይ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ እስልምና ፀሓፊ ሼኽ ሑሴን በሽር ረመዳን ብወገኖም፤ ወርሒ ረመዳን በቢግዚኡ ኣብ ሕብረተሰብ ገዲፍዎ ዝሓልፍ ኣወንታዊ ፅልዋ ቐሊል ዘበሃል ኣይኮነን፤ ፆመ ሮመዳን ኣብነት ናይ ምትእኽኻብ፣ መኣዲ ምክፋል፣ ሕድ ሕድ ምድግጋፍን ብዝሓሸ መንገዲ ምትሕግጋዝን ዝኣመሰሉ ክብርታት ንምዕባይ ዘኽእል 'ዩ ኢሎም።

# ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ ሩዋንዳ ዝገበሩዎ...

ናይ ሩዋንዳ መዘናታቶም ሃገራዊ ረብሓ ዘለዎም ኽልቲኣዊ ፃንሒታት ከምዝገበሩ ብምዝኽኻር፤ በዚ 'ውን ብመሪሕነት ሚኒስትር ጉዳይ ወፃኢ ኣምባሳደር ታዬ ኣፅቀስላሴ መንግስቲ ሩዋንዳ ንህንፀት ኤምባሲ ኢትዮጵያ ሽውዓተ ሽሕን 771 ካሬ ሜትር መሬት ኣብ ከተማ ኪጋሊ ተበርኪቱ። እዚ 'ውን ስትራቴጂካዊ መዳርግትነት ክልቲኦን ሃገራት ዘረጋገፀን ናብ ዝበለፀ ብራኽ ዝወስድን ተግባር ምዃኑ ኣረዲኦን።

ኣብ ዝቕፅሉ ሒደት ዓመታት ህንፀት እቲ ኤምባሲ ተዛዚሙ ብዕሊ ናብ ስራሕ ከምዝኣትው 'ውን ሓቢረን።

ኽልቲኣዊ ርክብ እተን ሃገራት ዘጠናኽር ስምምዕነት ኣሕዋት ከተማታት ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣዳነች ኣቤቤ ምስ ከንቲባ ከተማ ኪጋሊ ተፈራሪመን። እቲ ስምምዕነት 'ውን ኣብ ሓምለዋይ ልምዓት፣ ኢኮ ቱሪዝም፣ ተግባራት ኣወጋግዳ ደረቕን ፈሳስን ጉሓፍ ልምዲ ንምልውዋጥን ብሓባር ንምስራሕን ዘኽእል ምዃኑ ገሊፀን።

ኣብ መበል 30 ዓመት ዝኽሪ ኣብ ሩዋንዳ ዝተፈፀመ ጨፍጫፍ ዓሌት መደረ ዝገበሩ ፕሬዝዳንት ሩዋንዳ ፖል ካጋሜ ከምዝገለፅዎ፤ ሩዋንዳ ኣብቲ እዋን ካብ ዝገጠማ ፀገም ንምድሓን ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣፍሪካ ሓገዝ ገይረን 'የን። በዚ መዳይ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ 'ውን ኣመስጊኖም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ኣብ ዘመን ንእስነቶም ዓቃቢ ሰላም ኾይኖም ንሩዋንዳ ካብ ፀገም ንምድሓን ሓገዝ ከምዝገበሩ 'ውን ገሊፆም።



# ‹‹ወርሒ መጋቢት ከም...

ከምዝኾነ ኩሉ፣ እቲ ለውጢ 'ውን ዘይተርፍ ኮይኑ ኣሎ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ግዚኡ ዝበፅሐ ሓሳብ ደው ከብሎ ዝኽእል ምድራዊ ሓይሊ የለን። ፀልማት ዋላ እንተነውሐ ንብርሃን ምትራፍ ኣይኽእልን። ተሳዒሩ ንብርሃን ቦትኡ ይለቅቕ። ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሙሉእ ፀልማት ዘጋጥሞም ናይ ሰሜንን ደቡብን ዋልታ ከባቢታት ነዚ ሓቂ ይምስክሩ 'ዮም ክብሉ ኣብሪሆም።

ወርሒ ረመዳን መላእ ማሕበረሰብ ሙስሊም ብናፍቖትን ህንጣወን ዝፅበዮ ወርሒ 'ዩ ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር፤ ማሕበረሰብ ሙስሊም ኣብ ፆምን ኢባዳን ምስ ፈጣሪ ዝቀራረበሉ፣ ዝክር ዝበዝሓሉ፣ ፅቡቕ ስራሕ ዝጎልሃሉ፣ ወርሒ ምሕረትን ምብራኽን ከምዝኾነ ገሊፆም።

ዑደት ወርሒ መሰረት ብምግባር ኣብ ዝተዘርገሐ በዓል 12 ወርሒ ኣቆፃፅራ ዘመነ ሂጀሪያ፣ ቅዱስ ወርሒ ረመዳን ካብ ወርሒ ሻባን ቀፂሉ ከምዝመፅእ በምግላፅ፥ ናይ ፅድቂ ወርሒ ረመዳን ክሳብ ዝመፅእ ምእመናን 11 ናይ ፈተና ኣዋርሕ ከምዘሕልፉ ኣገንዚቦም።

ብመሰረት እዚ ረመዳን ክሳብ ዝመፅእ ብዙሕ ምዕጋስ፣ ንኣወንታዊ ስራሕ ብዙሕ ቃልሲ ምግባር ይግባእ ኢሎም።

ሎሚ ዘበን ዘሕለፍናዮ ወርሒ ረመዳን ሰላማዊ፣ ብዙሓት ድኻታትን ዝተፀገሙን ዝሓገዝናሉ፣ ዝተሓጋገዝናሉ፣ ዝተፈላለዩ እምነታት ዘለዎም ኢትዮጵያዊያን ህብረ ብሄራዊ ሓድነቶም ብፅንዓት ዘርኣይሉ ወርሒ 'ዩ ኢሎም ።

እዚ ድማ ንጉዕዞና ምልክት መብራህቲ 'ዩ ፥ ዘጋጠሙና ብድሆታት ብሓባር ብምዃን ክንሓልፎም ከምእንኽእል የገንዘበና ክብሉ ገሊፆም።

በሊሕ ሰብ ኣብ እዋን ፆም ረመዳን ዝተረኸበ በረከት፣ መንፈሳዊ ሓይልን ፀላእቲ ናይ ምርታዕ ዓቕሚን ክሳብ ዝቕፅል ረመዳን ይጥቀመሉ 'ዩ፤ ንሕና 'ውን ኣብ ለውጢ መጋቢት ዝረኸብናዮ ክብሪታት ምዕባለና ክሳብ ነረጋግፀሉ ቀፃሊ ምዕራፍ ሒዝናዮም ክንዘልቕ ይግባእ ኢሎም።

ሰላም፣ ይቕርታን ፍቕርን ክብርታትና 'ዮም ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ብፍቕሪ ብምድማርን ብይቕሬታን ምስጋር ቀንዲ መትከልና 'ዩ ክብሉ ገሊፆም።

ታሪካዊ ስብራትና ምፅጋን ህብረ ብሔራዊ ሓድነትና ምፅናዕ ራእይና 'ዩ 'ውን ኢሎም።

ምድማር መገድና፣ ብልፅግና መዕረፊና 'ዩ ብምባል፥ እዞም ክብሪታት ኣብ ዘበነ ለውጢ ዘጋጥሙና ብድሆታት እንፈትሓሎምን ክሳብ ቀፃሊ ምዕራፍ እንዘልቀሎምን 'ዮም ኢሎም።

# ውዙፍ ኣበል ...

ጡረታ ክኸፍል ጀሚሩ ምህላዉ ሓቢሩ።

ኣብቲ ክልል ብድምር 70ሺሕ864 ጡረተኛታት ዝርከቡ እንትኾኑ፣ ካብዚኦም እቶም 65ሽሕ873 ወይ 93 ሚኢታዊ ውዙፍ ጡረታ ዝምልከቶም 'ዮም።

ካብዚኦም ናይ 59ሽሕ427 ሓበሬታ ተፃርዩ ዝተወደአ ብምዃኑ ንመኽፈሊ ዝኸውን 1 ነጥቢ 3 ቢልዮን ብር ኣብቲ ክልል ንዝርከቡን ናይ ጡረታ ኣበል ንዝኸፍሉ 10 ዝተፈላለዩ ባንኪታት ምምሕልላፉ ዝገለፁ እቶም ዋና ስራሕ ፈፃሚ፣ እቲ ክፍሊት ከምዝተጀመረን ንዝምልከቶም ኮሎም ናይ ዝሓለፈ ዘይተኸፈሎም ወዲኡ ንምኽፋል እናተሰርሐ 'ዩ።

እቶም ተኸፊልቲ ኣብዝተመደብሉ ባንክታት ኣብ እዋኑ ቐሪቦም ናይ ጡረታ ኣበሎም ምቕባል ከምዝኽእሉ ብምግላፅ፤ ኣብቲ ክልል ኣበል ጡረታ ዝኸፍሉ ባንክታት ድማ ባንኪ ኣቢሲንያ፣ ባንኪ ኣዋሽ፣ ባንኪ ሕብረት፣ ባንኪ ዳሽን፣ ባንኪ ቡና፣ ባንኪ ኣዲስ፣ ባንኪ ኣባይ፣ ባንኪ ወጋገን፣ ባንኪ ኦሮሚያ ህብረት ስራን ባንኪ ንብን 'ዮም።

ክፍሊት ውዙፍ ኣበል ጡረታ ካብ እቶም ዝምልከቶም እቶም 6ሽሕ446 ዝኣኽሉ ኣብቲ እዋን ኩናት ካብቲ ክልል ወፃኢ ናይ ጡረታ ኣበል ዝወሰዱ እንትኾኑ ካብ ናይ 17 ኣዋርሕ ናይ ክንደይ ወርሒ ከምዝወሰዱ ሓበሬታ እናተፃረየ ይርከብ ኢሎም።

ብተወሳኺ ናይ ተተካእትን ንኽክፈሉ መሰል ዘለዎምን ኣብ ከይዲ ምፅራይ እንትኸውን፣ እቶም ዝግበኦም ፋይሎም ኣብዝርከበሉ ናብ ቤት ፅሕፈት ጨንፈራት እቲ ምምሕዳር ብምቕራብ ከመልከቱን ሓበሬታ ኣብ ዝፃረየሉ ምትሕብባር ክገብሩ ይግባእ። እዚ ናይ ሓበረታ ምፅራይ ምስተወደአ ናይ ጡረታ ኣበል ዘይወሰዱ ኣብ ዝሓፀረ እዋን ክኽፈሎም 'ዩ ኢሎም።

ዋና ፈፃሚት ስራሕ እቲ ምምሕዳር ኣይተ ዳባ ኦሪያ፣ ከምዝበልዎ ውዙፍ ክፍሊት ካብ ታሕሳስ 2015 ንነዘ ጡረታ ዝወፁ ኣይምልከትን። ናይ 17 ኣዋርሕ ውዝፍ ክፍሊት ብሓደ ግዜ ዝፍፀም እንትኸውን፣ እዚ ሕቶ እዚ በቶም ጥሮተኛታት ብተደጋጋሚ ንዝሕተት ዝነበረ ሕቶ መልሲ ዝሃበ 'ዩ ኢሎም ።

# ስራሕ ዘይጀመራ...

ፃኒሕት ከምዝገለፅዎ፤ ካብ ከተማ መቐለ ወፃኢን ዝተወሰና ድማ ኣብ መቐለ ዝርከባ ኢንዱስትሪታት መንግስቲ እኹል ሓገዝ እንተዘይገይሩለን ስራሕ ክጅምራ ኣይኽእላን።

ካብ መቐለ ወፃኢ ዝርከባ እንዱስትሪታት ከቢድ ዕንወት ስለ ዝበፅሐን ብቐሊሉ ናብ ስራሕ ክኣትዋ ኣይኽእላን። መንግስቲ እናሓገዘ ብምምፅኡ መብዛሕተአን ኣብ መቐለ ዝርከባ ኢንዱስትሪታትት ናብ ስራሕ ዝኣተዋ እንትኾና ካብ መቐለ ወፃኢ ዝርከባ ግና ክሳብ ሕዚ ናብ ዝነበረአ ኣይተመለሳን።

መሊአን ናብ ስራሕ ክኣትዋ መንግስቲ ሓገዝ ዝገብሩ ከም ባንኪ ዓለም ዝበሉ ትካላት ሓገዝ ክገብሩ እንተማቻችዩ 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ኣታኽልቲ፤ እዞም ትካላት ኢንዱስትሪ ብኸመይ ናብ ስራሕ ክምለሱ ከምዝኽእሉ ምስ መንግስቲ ፌዴራል ምዝርራብ ተገይሩ ኮሚቴ ተጣይሹ ስለዘሎ ፍታሕ ክህብ ትፅቢት እናተገብረ 'ዩ ኢሎም።

ስራሕ ብዘይምጅማሮም ኣብቲ ትካል ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ናብ ብዙሕ ፀገም ተቓሊዖም 'ዮም፤ ናብ ዝኸፍአ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ተሳጢሖም ይርከቡ፤ ኮይኑ ግና ምስትኽኻላት ኣብ ተገበረለን ገሊአን ትካላት ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ናብ ስረሖም ተመሊሶም 'ዮም ክብሉ ገሊፆም።

እቶም ዝዓነዉ ድማ መንግስቲ ሓላፍነት ወሲዱ ልቓሕ ብምምችቻው ወይ ድማ ሓገዝ ብምግባር ምትዕርራያት ብምግባር ስራሕ ናብ ዝጅምርሉ ኩነታት ንምፍጣር ምዝርራብ ኣሎ። ኮይኑ ግና ክሳብ ሕዚ ዕልባት ኣይተረኽበን ኢሎም።

ክሳብ ሕዚ ክጅምሩ ዝግበኦም ኢንዱስትሪታትን ናይ ወፃኢ ሸርፊ ይኹን ልቃሕ ብዘይ ምርካቡ ናብ ስራሕ ኣትየን 'የን ኢልካ ንምዝራብ ዘድፍር ኣይኮነን ዝበሉ ኣይተ ኣታኽልቲ፤ ብፍላይ ካብ መቐለ ወፃኢ ዘለዋ ኢንዱስትሪታት ዳርጋ ሙሉእ ብሙሉእ ስራሕ ኣይጀመራን።

እዘን ትካላት ቕድሚ ኩናት ልቓሕ ካብ ባንኪ ወሲደን እሞ ድማ ኣብ ዘይሰርሓሉ ልቓሕ ምስ ዝተጠራቐመ ወለድ ክኸፍላ እናተጠየቓ ስለዝርከባ መንግስቲ ፍታሕ ክቕምጠለን ይግባእ ኢሎም።

ወጋሕታ **ዜና**

# ህዝበ እስልምና ሰላም ሃገርን ሕብረት ህዝብታትን ንክጠናኸር ግደኡ ክዋፃእ ይግባእ

**በሪሁ ኣረጋ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ህዝበ እስልምና ሰላም ሃገርን ሕብረት ህዝብን ንክጠናኸር ብግንባር ቐዳምነት ግደኡ ብምውፃእ ከሕልፎ ከምዝግባእ ኣቦታት ሃይማኖት እስልምና ኣተሓሳሲቦም።

ሓላፊ ርክብ ወፃኢ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣደም ካሚል ንትፕኢ ከምዝገለፅዎ፤ ሰላም መሰረት እስላም ብምዃኑ ኣብቶም ናይ መወዳእታ መዓልትታት ረመዳን ህዝበ እስልምና ምስ ሰዓብቲ ኻልኦት እምነታት ዘለዎ ምትሕብባር ብምጥንኻር ዘብዒ ሰላም ክኸውን ኣለዎ።

ህዝበ እስልምና እምነትን ኽብርን ኻልኦት እምነታት ብዝሓለወ መገዲ ርክብ ሕድሕድ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ብዝበለፀ ኩነታት ከጠናኽር ይግብኦ ዝበሉ እቶም ሓላፊ፤ ኢትዮጵያ ናይ ሰዓብቲ ዝተፈላለዩ እምነታት ብምዃና ኹሎም ኢትዮጵያውያን መንፈስ ኣፈላላይ ብምውጋድ ብምትሕግጋዝ፣ ብምፍታውን ብምክእኣልን ክነብሩ ከምዝግብኦም ኣረዲኦም።

ዋና ፀሓፊ ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ከተማ ኣዲስ ኣበባ ሼኽ ሁሴን በሽር ብወገኖም፤

ወርሒ ረመዳን ብህዝበ እስልምና ካብቶም ካልኦት ኣዋርሕ ዝፍለየሉ ምኽንያት ከምዘለዎ ዝገለፁ ሼኽ ሁሴን፤ እዚ 'ውን ፅቡቕ ሰብእና ሰባት ዝረኣየሉ፣ ንወገን ምብፃሕ፣ ሰባዊ ስብእና ዝዓዘሉን ምስ ፈጣሪ ዘሎ ርክብ ዝጠናኸረሉን ብምዃኑ 'ዩ ይብሉ።

ከም ገለፃ ሼኽ ሁሴን፤ ኣብዚ ሕዚ ዝተጋገየ መረዳእታ እናፈጠሩ ኣብ መንጎ ህዝብታት ጥርጣረ ንኽዓስል ዝሰርሑ ኣካላት ህዝቢ ሰላም ንኽስእን እናገበሩ 'ዮም። ሸርሖም ምፍሻል ንኽከኣል ንኹሎም እምነታት ኣፍልጦ ምሃብን ተቐራሪብካ ምስራሕን የድሊ።

ሃገራዊ ረብሓታት ምርግጋፅ ንኽከኣል ሓባራዊ



መንነታትን ሃገራዊ እሴታትን ንክጠናኸሩ ኣብ ዘኽእሉ ጉዳያት ኹሉ ብምስታፍ ብፅሒቱ ክዋፃእ ኣለዎ ክብሉ ገሊፆም።

ኣቦታት ሃይማኖት፣ ዱዓታት፣ ዑላማታትን ኣብ ማሕበረሰብ ተሰማዕነት ዘለዎም ሰባትን ብምትሕብባር ንህዝቢ ብፅቡቕ መገዲ ናይ ምምራሕ ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ከምዘለዎም ሼኽ ሁሴን ኣረዲኦም።

ሰባት ፍልፍሎም ዘይተረጋገፀን ብውልቀሰብ ደረጃ ንዝዝርግሑ መረዳእታታት ኣሚኑ ናይ ምቕባል ልምዱ እናዓበየ ከምዝመፅአ ዝተዛረቡ ሼኽ ሁሴን፤ እዚ ኣካይዳ ንሃገርን ወለዶን ዘይጠቅም ብምዃኑ ዝኾነ ጉዳይ ናይ ምሕታትን ምርግጋፅን ባህሊ ኣብ ምዕባይ ጠመተ ተገይሩ ክስራሕ ከምዝግባእ 'ውን ኣመላኺቶም።

ኣብቶም ናይ መወዳእታ መዓልትታት ፆመ ረመዳን ብውልቀ ካብ ዝስራሕ ፅቡቕ ስራሕ ብተወሳኺ ህዝበ እስልምና ካብ ካልእ ግዜ ብዝተፈለየ መገዲ ሰናይ ስራሕቲ ብሕብረት ዝሰርሐሉ 'ዩ 'ውን ኢሎም።



ፀሓፊ ቤት ምኽሪ ዑለማ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያ ሼኽ ኣብዱረህማን ኣሕመድ ብወገኖም፤ ኣብ ኢትዮጵያ ሰላም ዝፀንዐሉ፣ ዕብየት ዝረጋገፀሉ ንክኸውንን ዝተፀገሙ 'ውን ናብ መረበቶም ንኽምለሱን ብሰፊሑ ፀሎት እናተገበረ ምዃኑ ገሊፆም።

ኣስተምህሮ እቲ እምነት ጎረቤቱ እናጠመየ ንዓርሱ ፀጊቡ እንተሓዲሩ እሱ ኣማኒ ከምዘይኮነ ይገልፅ ዝበሉ ሼኽ ኣብዱረህማን፤ ህዝበ እስልምና ነዚ ብምርዳእ ዓቕሙ ብዝኽእሎ ንጎረቤቱ ብምክፋል ብምትሕግጋዝ ነቲ ፆም ከሕልፎ ከምዝግባእ ተዛሪቦም።

ሃገር ናብ ቐፃሊ ወልዶ ምስጋር ንኽከኣል ምድምማፅን ሰንኪ ፀገማት ብምድላይ ቕልጡፍ ውሳነ መፍትሒ ምሕላፍን ከምዘድሊ ሓቢሮም።

ኣብ ናይ መወዳእታ መዓልትታት ረመዳን ብህዝበ እስልምና ሰደቃ (ምፅዋት) ዝምፅውተሉ፣ ልግሲ፣ ልውሃት፣ ርህርህን ተኻፊልካ ምብላዕን ምትሕግጋዝን ብዝበለፀ ዝጎልሁሉ ምዃኑ ገሊፆም።

## ካብ ስዑዲ ዓረብ 70 ሽሕ...

ብመልክዕ ወፍሪ ዜጋታት ናብ ሃገር ንምምላስ ኣብ መዓልቲ ኣርባዕተ ኣብ ሰሙን 12 በረራታት ንምክያድ ትልሚ ከምዝተትሓዘ ዝተዛረቡ እቶም ወሃቢ ቓል፤ ብሳልሳይ ምዕራፍ ዜጋታት ንምምላስ ትካላት ፌደራልን ክልልን ብሓባር ከምዝሰርሑ ተዛሪቦም።

እቶም ወሃቢ ቓል፤ ናብ ሃገሮም ድሕሪ ምእታዎም ናብ መረበቶም ክሳብ ዝምለሱ መዕቆቢ እናተሰርሐ 'ዩ። ዝምልከቶም መዳርግቲ ኣካላት 'ውን ትፅቢት ዝግበረሎም ስራሕ እናሰርሑ ምዃኖም ገሊፆም።

ምስ ስራሕቲ ዜጋታት ናብ ሃገር ምምላስ ተተሓሒዙ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ዝተውፃእዕአ ጉጅለ ልኡኽ ናብ ስዑዲ ዓረብ ብምኻድ ምስ ሰበ-ስልጣናት ስዑዲ ዓረብ ዘተ ከምዘሳልጥ 'ውን ሓቢሮም።

ከም መብርሂ ኣይተ ነብዩ፤ ኣብዚ ዓመት ካብ ስዑዲ ዓረብ ብዝተገበሩ ስሩዓት በረራታት ሽዱሽተ ሽሕን 993 ዜጋታት ናብ ሃገር ተመሊሶም። ብስሩዕ በረራ ዝግበር ናይ ምምላስ ስራሕ ብመንፅር ኣብ ስዑዲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ካብ ዝርከቡን ናብ ቤት ማእሰርቲ እናኣትዉ ካብ ዝርከቡን ዜጋታት ዝተሓተ ብምዃኑ ኣብ ቐፃሊ ብመልክዕ ጎስጓስ ናይ ምምላስ ስራሕ ንኽስራሕ ተወሲኑ።

ዜጋታት ብዘይሕጋውያን ደለልቲ ተታሊሎም ናብ ስዑዲ ዓረብ፣ ናብ ሃገራት ማእኸላይ ባሕረ-ሰላጤ፣ ናብ ደቡብ ኣፍሪካን ናብ ኻልኦት ሃገራት ይኸዱ 'ዮም። በዚ ኸይዲ ቑፅሮም ንእሽተይ ዘይበሃል ቁፅሪ ዜጋታት ናብ ሞትን ማእሰርትን እናተሳጥሑ 'ዮም። መንግስቲ ንዜጋ ተኮር ዲፕሎማሲ ጠመተ ብምሃብ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ዝርከቡ ዜጋታት ናብ ውሽጢ ዓዲ ንምምላስን ዳግማይ እግሪ ንምትካልን ብጠመተ እናሰርሐ ከምዝኾነ 'ውን ኣይተ ነብዩ ገሊፆም።

ኣብ ዝሓለፉ ትሽዓተ ኣዋርሕ 50 ሽሕን 327 ዜጋታት ናብ ውሽጢ ሃገር ንኽምለሱ ከምዝተገበረ ዝገለፁ ኣይተ ነብዩ፤ ካብ ሱዳን፣ ታንዛኒያ፣ ጅቡቲ፣ ኬንያ፣ ዚምባቡዌ፣ ግብፂ፣ ናይጀሪያን ኣልጄሪያን ብድምሩ 20 ሽሕን 455 ዜጋታት ተመሊሶም። ካብ ማእኸላይ ምብራቕ 29 ሽሕን 872 ዜጋታት ንኽምለሱ ተገይሩ። ካብዚኣቶም ውሽጢ ቁፅሪ እቶም ካብ ስዑዲ ዓረብ ዝተመለሱ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝለዓለ 'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብሓፈሻ ልዕሊ 139 ሽሕ ዜጋታት ናብ ሃገሮም ንኽምለሱ ከምዝተገበረ ሓቢሮም።

# ጥንታዊ ጥበባት የሓ

**መኣዲ ጥበብ**

**መኣርግ ገ/ሄር**

ደቂ ሰባት ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ዋላ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣይንበሮም ናይ በዓሎም ፍልጠትን ጥበብን ነይርዎም 'ዩ:: ፊደላትን ቑፅርታትን ከይፈለጡ ሓሳቦም ብስእልታት ይገልፁ ነይሮም 'ዮም:: ኣብ ትግራይ እንተወሲድና ኣብ ተፈላላዩ እዋናትን ቦታትን ዝተሰኣሉ ስእልታት ኣለዉ:: ብዝተፈላለዩ ስነ-ጥበባውያን ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ዝተሳኣሉ ብፍላይ ኣብ ቤተ ክርስትያናት ብበዝሒ ይርከቡ:: ከምኡ 'ውን ዝተፈላለዩ ቕርፅታት ቐሪፆም ብምቕማጥ ሓሳቦም ይገልፁ ነይሮም 'ዮም::

ንኣብነት ኣብ የሓ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ከም ኣይቤክስ ስእልታትን ካብ ናይ ነሓስ ዝተሰርሑ ማሕተማትን ኣለዉ:: እዚኣቶም ምስቲ ናይቲ እዋን ጥበብ ክትሪኦ እንተለኻ ኣዝዩ ሰሓባይ 'ዩ:: ብቐለም ዝተሰኣሉ ጥንታውያን ስእልታት 'ውን ኣብቲ ቤተክርስትያን ኣለዉ:: ብፍላይ ደሞ እቲ ቐለም ክሳብ ሕዚ ምፅንሑ ናይ ቀደም ሰባት ክንደይ ዝኣክል ብልሓትን ጥበብን ከምዝነበሮም ዘማላኽት 'ዩ:: እቲ ቀለም ካብዝተፈላላዩ ቖፅላመፅሊ ዝተቀመመ ምዃኑ ሙሁራን ይዛረቡ:: እዚ ንበዓሉ ዓብዪ ጥበብ 'ዩ:: እዚኦም ንሃገር ብመዳይ ቱሪዝምን ትምህርቲ ንምቕሳምን ዘለዎም ግደ ኣዝዩ ልዑል 'ዩ:: ኮይኑ ግና ግቡእ ምንክብኻብ እናተገበረሎም ኣይኮነን::

ናይ ቀደም ስእልታት መብዛሕትኦም ኣብ መንደቕ ቤተክርስትያን ዝተሳእሉ ኮይኖም ኮይኑ ግና ግቡእ ምንክብኻብ ስለ ዘይግበረሎም ጉድኣት እናበፅሖም ይርከብ:: ብፍላይ ኣብ ኣካውሕ ዝተሳእሉ ብራህድን ሙቐትን ናብ ሓደጋ እናተቓልዑ ይርከቡ:: ሕብሮምን ቕርፆምን እናሃሰሰ ስለ ዝኸይድ ካብ ጥቕሚ ወፃኢ እናኾኑ ይርከቡ:: ኣብ ትግራይ ብዙሓት ብስእሊ ዝተቐመጡ ጥንታውያን ጥበባት ኣለዉ:: ብፍላይ ኣብ ቤተክርስትያናት ኣብ ጀዲድ ይኹን ኣብ መንደቅ ዝተሳእሉ ብዙሓት 'ዮም:: ሓደ ካብቶም ጥንታውያን ገዳማት ኣብ ይሓ ዝርከብ ኣቡነ ኣፍፄ ምርኣይ ይከኣል





'ዩ:: ኣቡነ ኣፍፄ ኣብ ሻዱሻይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ካብቶም ትሻዓተ ቅዱሳን ካብ ኤውሮፓን ካብ ማእኸላይ ምብራቕን ናብ ኢትዮጵያ ትግራይ ዝመፁ ሓደ 'ዮም::

እቲ ቤተክርስትያን ገዳም ኣቡነ ኣፍፄ ዝበሃል ኮይኑ ናብቲ ቦታ ምስ ምምፀኦም ተተሓሒዙ ኣብ 6ይ ክፍለ ዘመን ዝተመስረተ 'ዩ:: ኣብቲ እዋን ዝተሳእሉ ስእልታት ሕዚ 'ውን ኣለዉ:: እቲ ቦታ ብዙሓት ቕርስታት ዝሓዘ 'ዩ:: ብፍላይ ከም ዓብዪ ቤተ መቕደስ የሓን ክልተ ካብ ከውሒ ተፀሪቦም ዝተሰርሑ መቓብራትን ይርከብዎ:: እዞም ጥንታዊ ጥበባት ወይ ቅርስታት ገሊኦም ቕድሚ 6ይ ክፍለ ዘመን ወይ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝተቐረፁ 'ዮም:: እዞም ጥበባት መስሕብ ቱሪስት ኮይኖም እናገልገሉ ይርከቡ::

እቲ ኣብ ከባቢ 7ይ ክፍለ ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብዝገርም ጥበብ ዝተሃነፀ ቤተ መቕደስ የሓ 'ውን ኣሎ 'ዩ:: እዚ ንኣምልኾ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ከምዝኾነ ብመፅናዕቲ ዘረጋገፁ ሙሁራን ይዛረቡ:: እዚ ንእሽተይ ብርኽ ኣብ ዝበለ ቦታ ብዝገርም ምህንድስናዊ ጥበብ ዝተሰርሐ 'ዩ:: ብኣዝዮም ዓበይቲ ዝተፀርቡ ኣእማን ዝተሰርሐ 'ዩ:: ብዝገርም ፅርበት ዝተሃንፀ 'ዩ። እቲ ህንፃ ጎኑ 18.5 ብ 15 ሜትር ዝዓቐኑ ትርብዒት ቕርፂ ዘለዎ 'ዩ:: ከባቢ 14 ሜትር ቁመት ዘለዎ ኮይኑ ሓደ መእተዊ ኣለዎ። እቶም ኣእማን ነዋሕቲ ርቡዕ ኩርናዕ ቕርፂ ዘለዎም 'ዮም:: ክሳብ 3 ሜትር ዝንውሓቱ ኣእማን ብምጥቃም ብዘይ መጣበቒ ማተርያል ዝተሃነፀ 'ዩ::

መጋጥም እቶም መስመራት ብጥንቓቐ ዝተሰርሑ 'ዮም:: ምንም ዓይነት ክፍትት የብሎምን:: ደጋዊ ይኹን ውሽጣዊ ገፅ እቲ ህንፃ ክትሪኦ እንተለኻ ኣዝዩ ጦውላህታ ዝፈጥር 'ዩ:: ደጋዊ ገፅን ኩርናዓትን ከቢድ ኣቓልቦ ተዋሂቡዎ ዝተሰርሐ 'ዩ። መንደቅ እቲ ቤተ መቕደስ ክትሪኦ እንተለኻ ኣብቲ ዘመን ንሱ ዝተሰርሐ ኣይመስልን:: ውሽጣዊ ክፍሊ ናይቲ ህንፃ መንደቕ ክትሪኦ እንተለኻ ዘገርም ጥበባዊ ኣሰራርሓ ቕርፂ ዘለዎ ህንፃ 'ዩ:: ንጥንካረ ተባሂሉ ጠቕላላ ርጉዶም እቶም ኣእማን ኣስታት 60 ሴንቲ ሜትር 'ዮም:: ኣብ ነንሕድሕዶም ተኣሳሲሮም ዝተሰርሑ 'ዮም:: እቲ ምድር ቤት 'ውን ብረጎድትን ፀፋሕትን ኣእማን ዝተሰርሐ 'ዩ:: እቶም ንፃፍ ኣእማን ዝተፀረቡ ኮይኖም ዝተፈላለየ ስፍሓት ዘለዎም 'ዮም፤ ገሊኦም 1 ሜትሮ ብ 50 ሴንቲ ሜትሮ፣ ገሊኦም 1 ሜትሮ ብ1ሜትር፣ 50 ሴንቲ ሜትሮ ብ50 ሴንቲ ሜትሮ ዝዓቐነኖም 'ዮም።

እቲ ቤተ መቕደስ ኣብ 6ይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ናብ ገዳም ዝተቐየረ ምንባሩ ምሁራን ይገልፁ:: ነዚ ከም መረዳእታ ዝጥቀምሉ ድማ ኣብ ውሽጢ እቲ ቤተ መቕደስ ዝርከብ ንመጥመቒ ዝጥቐምሉ ዝነበሩ ጉድጉድ ዝበለ ቕርፂ 'ዩ:: እቲ ህንፃ ሕዚ ከም መስሕብ ቱሪዝም ኮይኑ እናገልገለ ይርከብ:: በዚ ድማ ብኢትዮጵያውያን ከም ቅዱስ ቦታ፣ ምልክት ሃገራዊ ኩርዓትን ባህላዊ መንነትን ዝቑፀር ኮይኑ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ዓብዩ ቦታ ዘለዎ 'ዩ::



# ስፖርት



## ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ዓወት ቀኒዕዎም

ኣብርሃ ሓጎስ

ኣብ ዝሓለፈ ዕለት ሶኑይ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ዓለም ብዙሓት ጉያ ውድድር ፅርግያ ኣብ ዝተኻየዱሉ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ብፍላይ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ውድድራት ማራቶን ዓወት ቀኒዕዎም ‘ዩ። ካብዞም ኢትዮጵያውያን ኣሸነፍቲ ዝኾኑሎም ውድድራት ድማ ሓደ ማራቶን ፓሪስ እንትኾን ካሊእ ድማ ማራቶን ዴጉ ‘ዩ።

ድሕሪ ኣዋርሕ ዓብዪ መድረኽ ኦሎምፒክ ስፖርት ዝተዳለው ከተማ ፓሪስ ኣብ ዝሓለፈ ዕለት ሶኑይ ኣብ ዓመታዊ ውድድር ፅርግያታት ማራቶን ፓሪስ እንትካየድ፤ ኢትዮጵያውያን ብኽልቲኡ ፆታታት ኣሸነፍቲ ክኾኑ ክኢሎም ‘ዮም። ቅድሚ ሐዚ ‘ውን ብዙሓት ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ኣብ ዘሸነፉሉ ውድድራት ማራቶን ፓሪስ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ዳግም ብኽልቲኡ ፆታ ብዓብላልነት ዘሸነፉሉ ኮይኑ ኣሎ።

ንመጀመርያ እዋን ውድድር ማራቶን ዝገበረት ኣትሌት መስታወት ፍቅር ነቲ ርሕቀት ብ02፡20፡45 ብምዝዛም ኣብ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ተዓዋቲት እንትትኾን፤ ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር ድማ ሙሉጌታ ኡማ ብ 02፡05፡33 ሰዓት ብምእታው ኣብቲ ውድድር ቀዳማይ ኮይኑ ዛዚምዎ ‘ዩ።

ጥንኩር ንሕንሕ ኣብ ዝተርኣየሉ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ኣትሌት ሙሉጌታ ምስ ኣትሌታት ሃገረ ኬንያ ብርቱዕ ንሕንሕ ብምግባር ብዓሰርተ ሓሙሽተ ሰከንድ ኣፋላላይ ንዓወት ክበቅዕ ክኢሉ ‘ዩ። ኣብቲ ርሕቀት ዝኣተወሉ ሰዓት ድማ ናይ ባዕሉ ሙሩፅ ሰዓት ኾይኑ





ተዓወቲ ማራቶን ፓሪስ 2024 ኣትሌት ሙሉጌታ ኡማን ኣትሌት መስታወት ፍቅርን

ተመዝጊቡሉ ‘ዩ። ነቲ ኢትዮጵያዊ ኣትሌት ተኸቲሎም ዝኣተው ኬንያውያን ኣትሌታት ቲተስ ኪፕሩቶ ብ2፡0548 ሰዓት ብምምዝጋብ ካልኣይ ኤሊሻ ሮቲች ብ2፡06፡54 ሰዓት ብምእታው ሳልሳይ ደረጃ ብምሓዝ ዝዛዘመ ኮይኑ፤ ብፍላይ ሳልሳይ ኮይኑ ዝወድአ ኣትሌት ሮቲች ኣብ 2021 ናይቲ ውድድር ክብረ ወሰን ምስምንባሩ ተተሓሒዙ ኣብዚ ውድድር ‘ውን ንከሸንፍ ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ዝነብረ ኣትሌት ‘ዩ።

ብወገን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ቅድሚ ሐዚ ስማ ምስ ዘይተፈለጥ ዝነብረት ዝተገብረ ንሕንሕ ጉያ ማራቶን መስታወት ፍቅር ንመጀመርያ እዋን ኣብ ዝገበረቶ ውድድር ብ2፡20፡45 ሰዓት ዘሸነፈት እንትትኾን፤ ካሊእቲ ኢትዮጵያዊት ኣትሌት እናትነሽ ኣላምረው ድማ ብ2፡20፡47 ሰዓት ካልኣይቲ ብምውፃእ ውድድራ ዝዛዘመት ኮይና፤ ናይ ዓለም ኦለምፒክ ነዊሕ ርሕቀት ቻንፕዮን ዝኾነት ኣትሌት ቪቪያን ቼርዮት ናብ ማራቶን ገፃ ካብ ዝገብረትሉ እዋን ጀሚሩ ዝተፈላለዩ ዓወታት ዘመዝገበት እንተኾነት ‘ውን ኣብ ናይ ሎሚ ውድድር ፓሪስ ግና ተኸታቲለን ንዝኣተዋ ሓደሽቲ ኣትሌታት ኢትዮጵያ ኢዳ ክትህብ ተገዲዳ ‘ያ። ቼርዮት ነቲ ውድድር ብ2፡21፡47 ሰዓት ብምምዝጋብ ‘ያ ዛዚማ።

ኣብ 2016 ዓ.ም ናይ ኦሎምፒክ ኣብ ሓሙሽተ ሽሕ ሜትር ናይ ወርቂ ሜዳልያ ኣሸናፊትን ኣብ ዓለም ቻምፒዮና ናይ ኣርባዕተ ዓመት ኣሸናፊት ዝነብረት ችሪዮት ካብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ናብዚ ንመጀመርያ እዋን ውድድር ማራቶን ከም ምግባራን ኣብ ኣርብዓ ዓመት ምስ ምህላዋን እንትርአ ዝመዝገበቶ ውፅኢት ዝኸፍእ ኣይኮነን።

ካሊእ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን መወዳእታ ትፅቢት ዝግበረሉ ካብ ዝነብረ ውድድር ማራቶን ደቡብ ኮርያ ኣብ ከተማ ዴጉ ዝተኻየደ እንትኾን፤ ኣብዚ ኣትሌት ሩቲ ኣጋ ናይቲ ውድድር ክብረ ወሰን ብምምሕያሽ ኣሸኒፋ ‘ያ። ደቂ ተባዕትዮ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ዝተሳተፉሉ ውድድር ግና ኣብ ደረጃ ውሽጢ ከይኣተው ተሪፎም ‘ዮም።

ብዓለም ኣትሌትክስ ደረጃ ወርቂ ኣብ ዝተውሃቦ ማራቶን ዴጉ ኣትሌት ሩቲ ኣጋ ናይቲ ውድድር ናይ ቀደም ክብረ ወሰን ብ48 ሰከንድ ብምምሕያሽ ብ2፡21፡08 ሰዓት ምዝዛም ክኢላ ‘ያ። ንዕኣ ተኸቲለን ዝኣተዋ ኬንያውያን ኣንጌላ ቱናይ ብ 2፡21፡32 ከምኡ ‘ውን ኤቫሊን ቺርቺር ብ 2፡22፡12 ሰዓት ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ብምሓዝ ነቲ ውድድር ክዛዝማ ክኢለን ‘የን። ናይዚ ውድድር ናይ ቀደም ክብረወሰን 2፡21፡56 እንትኾን፤ ብ2022 ብኤርትራዊት ኣትሌት ናዝሬት ወልዱ ተታሒዙ ከምዝፀንሐ ዝዝከር ‘ዩ።

ኣብዚ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ በርሊን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ድማ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ቀዳማይቲን ካልኣይቲን ኮይነን ዝዛዘማ እንትኾና፤ ኣብዚ ኣትሌት ሙላት ተኸለ ናይ ዒስራን ሓደን ኪሎ ሜትር ውድድር ብ66፡53 ደቒቓ ብምዝዛም ቀዳመይቲ ክትኸውን ከላ፤ ካልኣይቲ ኢትዮጵያዊት ዘርኣይ ፍታው ብ67፡22 ደቒቓ ካልአይቲ ኮይና ክትዛዝም ክኢላ ‘ያ። ኣብዚ ውድድር ኣብ ሞንጎ ደቂ ተባዕትዮ ዝተገብረ ንሕንሕ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ካፍቲ ውድድር ኣቋሪፆም ክወፅኡ ተገዲዶም ‘ዮም።